# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ. 234 | ቀዳም 31 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ስዉእ ሚኒስተር ወልደሚካኤል ኣብርሃ ብልሳን ብጾቱ


ገጽ 4 — ሕርሻዊ ጽላት ኣብ 34 ዓመታት ናጽነት



ገጽ 5 — ሻቕሎት ኣብ ሕጽኖት!



ገጽ 11 — ሚልክያስ ኣብ ራብዓይ መድረኽ ዙር ኢራን ካልኣይ ኣትዩ




## ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ጽንብል ናጽነቶም ብልዑል መዓርግ ጸንቢሎም







መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ - ኢትዮጵያ፡ ዋሽንግተን-ዲሲ፡ ኣትላንታን ሲያትልን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዶሓ፡ ባሕሬንን የርዳኖስን፡ ከምኡ'ውን ዛምብያን ዚምባብዌን ብኽብ ዝበለ መዳርግ ተባዒሉ።

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣብ ኣፍሪቃን ብ26 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሰፊሕ ሱታፌ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝመደበሮም ዲፕሎማስኛታት፡ ሓለፍቲ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ዝተረጋገጸሉ፡ ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራን ሕብረት ኣፍሪቃን ዝተሰየ ስነ-ስርዓት ኣካይዱ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ቢንያም በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ምስ መዓልቲ ምምስራት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝወዓለሉ ምኽንያት ተራ ኣጋጣሚ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ “ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንማሰል ርእሱ ውሳኔ፡ መሰረታዊ ኣካል ናይ ሓፈሻዊ ቃልሲ ኣህዙብ ኣፍሪቃ ንማሰል ርእሱውሳኔ ስለዝኾነ፡ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ድማ ምስ ሰላምን ርግኣትን ኣሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ስለዝተኣሳሰረ” ክብል ኣረዲኡ።

ማሕበራዊ ሰነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መስርሕ ሓብራዊ ዕጥቃውን ብፖለቲካውን ቃልሲ ዝተሃንጸ ምዃኑ ብምሕባር ድማ እዚ ብሃገራዊ መንነትን ሃገራውነትን ዝተደረዐ ክብሪ፡ ዓንዲ ማእከል ህላወን ዘላቕነትን ኤርትራ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ብባህላዊ መደብን ስእላዊ ምርኢትን ዝወቀበ ኣጋጣሚ፡ ንታሪኽ ባህሊ፡ ኣዕብራን ገስጋስ ልምዓታዊ መደባትን ኤርትራ ዘርኢ ናይ ቪድዮ መደብ ቀሪቡ።

ብተመሳሳሊ፡ መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲን ከባቢኣን ካብ 17 ክሳብ 25 ግንቦት ብልዑል ተሳትፎ ዜጋታት፡ ወጻእተኛታት ኣዕሩኽ ኤርትራን ዲፕሎማስኛታትን ከምኡ'ውን ወከልቲ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ዝተረኽብሉ ብውዕወዕ መንፈስን ብዝተፈላለየ ንጥፈታትን ክካየድ ቀንዩ።

ብ23 ግንቦት፡ ብጦንዴራታት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ጭርሖ መዓልቲ ናጽነትን ዝወቀባ ዓሰርተታት መካይን ዝመርሖ ዜጋታት፡ 8 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ሰልፊ ድሕሪ ምክያድ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤርትራ ተኣኪቦም ምስ ዝበጹ ኣማኢት ኤርትራውያን ተጸንቢሮም ዕሙር ጓይላ ብምትካል ጸንቢሎም። ንምሸቱ ድማ፡ 140 ኣምባሳደራት፡ ዲፕሎማስኛታት፡ ወከልቲ ኤምባሲታት፡ ኣዕሩኽ ኤርትራን ወከልቲ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ማሕበረኮም ዝተረኽብሉ፡ ብኤምባሲ ኤርትራ ዝተዳለወ እንግዶት ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ባህላዊ መግብን ኣልባሳትን ብሄራት ኤርትራ ዝተንጸባረቐሉ ኣጋጣሚ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃ ገብረሂወት፡ ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዓበይቲ ዓወታት ብምምዝጋብ፡ ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ጽቡቕ ዝምድናታት ምስራታ ከምዝኾነ፡ ብእትኽተሎ ናጻን ዘይሻረውን ፖለቲካዊ ማስመር ድማ፡ ንኩበርታታን መትከላታን ምስ ዘይጸረሩ ብሰፊሑ ትሰርሕ ከምዘላ ኣሚሩ።

ብኣዘናጋዒ መደባት ዝተሰየ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲን ከባቢኣን፡ ብኢጋጣሚ'ቲ ዕለት ኣብ ዝተወደበ ስፖርታዊ ግጥማት ንዝተዓወቱ ብምሽላም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣዳራሽ ኤርትራዊ ባህላውን ሲቪካውን ማእከል ብዝተኻየደን ልዕሊ 3 ሽሕ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ መደብ ተዛዚሙ።

ኣብ ኣትላንታ፡ ሲያትልን ዲሞይንን ዝነብሩ ኤርትራውያን እውን ተመሳሳሊ መደባት ብምድላው ናጽነቶም ከምዝጸንበሉ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሐና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ባሕሬን፡ ዶሓን የርዳኖስን ዝነብሩ ኤርትራውያን በበወገኖም ኣብ ዝወደብዎ ጽንብላት፡ የቐንየልና ንህዝቢን መንግስትን ኤርትራ ከምኡ'ውን ንምዑታት ሓይልታት ምክልኻል ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገራዊ መደባት ንምስሳር ካብኦም ዝሕተት ከምዘማልኡ ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ሉሳካ - ዛምብያን ሃራረ - ዚምባብዌን ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ብ24 ግንቦት ኣብ ዘካየድዎ ምዕሩግ ጽንብላት፡ ኣቦመንበራት ማሕበረኮማት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ሳላ'ቲ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ብሓብራዊ ማሳዊአቲ ዝኸሰቦ ተርር ሓድነትን ምዕቡል ፖለቲካዊ ባህልን ርጉእን ሰላማውን ምንባር ኣብ ምፍጣር ካብ ዝተዓወቱ ህዝብታት ሓደ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ክብሪታት'ዚ ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

## ኣዛዚ እዚ ምዕራብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ሰሚናር ኣካይዱ



ኣዛዚ እዚ ምዕራብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ - ብርጋዴር ጀነራል እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ)፡ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብ27 ግንቦት ኣብ ንኡስ ዞባ




ተሰነይ ንኣዛዙ ሰራዊት፡ ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ጨናፍር ሚኒስትሪታት፡ ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን ሰሚናር ኣካይዱ።

ህዝቢ ኤርትራ - ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ንኹሉ ወሻጥውን ጌዳማውን ተጻብኦታትን መኪቱ ከምኡ'ውን ዝተሓላለኸን ጸገማትን መድረኻት ሰጊሩ ናጽነቱ ከረጋግጽን ልኡላውነቱ ከውሕስን ዝኸኣለ፡ ሳላ ኣብ ማስመሩ ዝጸንዐን ክቡር ዋጋ ዝኸፈለን ምዃኑ ብሰፊሑ ዘብርሀ ብርጋዴር ጀነራል እዮብ፡ ልምዓትን ድሕነትን ሃገር'ውን በዚ ክብረት ዝሃበ ክብረታት ስለዝረጋገጸ፡ ኣብ ሓደስቲ ወለዶታት ብግቡእ ንኽሰርጽ፡ ኩሉም ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ክሰርሑሉ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

“ኤርትራዊ ሃገራውነትን መንነትን ምድራዕን ምኽላዕን ንሓደ ኣካል ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ኣይኮነን” ዝበለ ብርጋዴር ጀነራል እዮብ ፍስሃየ፡ መንእሰያት ንጹር ዕላማ፡ ጻዕርን እምነትን ዓጢቖም፡ መራሕቲ ዝወጸኦ መደባት ብምፍጻም ንዓወቱ ብዘለዓለ ተወፋይነት ክሳተፉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ንእዋናውነትን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ሰሚናር ብምጥቃስ፡ መንእሰያትን ሰራዊትን ኣብ ዘለውዎ ከባቢታት ብሰፊሑ ክካየድ ተማሕጺኖም።

## ሓጋዝ - ኣብ ክንክን ኣዝርእቲ ዝተኻየደ ምርምራት ውጽኢት ተረኺብዎ



ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ብተመሃሮ ዓውዲ ስነ-ኣትክልቲ ኣብ ክንክን ኣዝርእትን ኣሕምልትን ዝተኻየደ ፍሉይ ምርምር ውጽኢት ስለዝተረኸቦ፡ ሓረስቶት ተረባሕቲ ክኾኑ ጸውዒት ቀረበ።

እቲ ካብ ኣዝርእቲ ኣብ መሸላን ብልቱግን፡ ካብ ኣሕምልቲ ድማ ኣብ ባምያ ዝተገብረ ምርምር፡ ሓረስቶት ብልምዲ ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ኣገባብ ኣዘራርኣ ንእቶታውነት ብኣሉታ ከጸልዎ ስለዝጸንሐ፡ ዚ. ብምልዋጥ ምህርቲ ንምስሳን ዝዓለመ'ዩ።


ብመሰረት ርኽበት ናይ'ቶም ተመሃሮ፡ ንወቕትን ኩነታት ማይን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣዝርእቲ ኣብ ማይ ኣሊኽካ ወይ'ውን ብማይ ሓጺብካ ድሕሪ 10 ሰዓታት ክትዘርኦም ከሎኻ፡ ምህርቲ ካብ 10% ክሳብ 40% ከምዝዓቢ ተረጋጊጹ'ሎ።

መምህር ቴድሮስ መኮንን ኣብ ዝሎ መብርሂ፡ እቲ ኣብ ክንክን ኣዝርእቲ መሸላ፡ ብልቱግን ባምያን ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ብዓይነትን መጠንን ዓቢ ብልጫ ስለዘለዎ፡ ሓረስቶት ተረባሕቲ ክኾኑ ተላቢዩ።

እቲ ኣስታት ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝወሰደ መጽናዕቲ፡ ክንክን ዝተገብረሉ ዘርኢ ካብ'ቲ ክንክን ዘይተገብረሉ ቀልጢፉ ብምብቋል ዝያዳ ሕጽረት ማይ ከምዝጻወር፣ ንጸሀያይ ከምዝሕምቆ፣ ምህርቲ ሓረስቶት ከምዝዓቢ፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ጸሀያይን ካልእ ንጥፈታትን ምቹእነት ከምዝፈጥር፡ መምህር ቴድሮስ ብዝተወሳኺ ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ መምህር መልኣከ ብርሃ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ትካል ዓመት መጸ ብተመሃሮ ዝተገብረ ምርምራት ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሓረስቶት ምስ ሰብ ሞያ እናተላዘቡ እቶታውነቶም ዘዕብዩሉ መዳያት ክፈጥሩ ጸዊዑ።

## ተጋዳላይ ሰለሙን ሃይለ ተሰዊኡ



ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዳይረክተር ጨንፈር ውጥንን ስታትስቲክስን ዝነበረ ጉዱም ተጋዳላይ ሰለሙን ሃይለ ወልደስላሴ፡ ብ29 ግንቦት ኣብ መበል 77 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ ወርሒ ሓምለ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ሰለሙን፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክፍሊ ሕርሻ ውድብ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ኣብ ዞባታትን ማእከላይ ቤት-ጽሕፈትን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ሰለሙን ሃይሉ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሸድሽተ ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 30 ግንቦት ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምኽንያት ኣብኡ - ጉዱም ተጋዳላይ ሰለሙን ሃይለ ወልደስላሴ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## ሽዕብ - ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ



ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ብኣብነታዊ ሓረስታይ ዓብደላ ሱወይልሕ ኣብ 1994 ዝተጀመረ ፈተነ ልምዓት ተምሪ፡ ዝተዓብዐ ውጽኢት ስለዝተረኸቦ ብዓይነትን መጠንን ንምምዕባሉ ይስራሕ ኣሎ።

ብመንግስትን ሚኒስትሪ ሕርሻን ብዝተገብረሉ ምትብባዕን ዝተዋህቦ ምኽርን ተሓጊዙ ኣብ 5 ሄክታር ብ400 ገረብ ተምሪ ዝጀመሮ ልምዓት ተምሪ፡ ኣብ 2024 እቲ ዝለምዐ መሬት ኣስታት 48 ሄክታር፣ ብዝሒ ኣግራብ ድማ 2,500 ከምዝበጽሐ ዝጠቐሰ ኣቶ ዓብደላ፡ ናብ 5000 ኣግራብ ክብ ንምባሉ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ።

ልምዓት ተምሪ ብክሊማ ተሓጊዙ እኹል ማይ ምስ ዝረክብ፡ ሓንቲ ገረብ ካብ 50 ክሳብ 80 ኪሎ-ግራም ምህርቲ ክትህብ ከምእትኽእል ብምንጻር፡ ድሮ ፍርያቱ ክሳብ ዕዳጋታት ኣስመራ፣ ባጽዕ፡ ጊንዳዕን ካልኦት ከተማታትን ክበጽሕ ክኢሉ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ብዝተገብረ ዘሎ ጻዕሪ ሎሚ ዓመት 500 ኣግራብ ከምእተተኸለን 600 ተወሳኺ ንምትካል ምድላዋት ተገይሩ ምህላውን እውን ብዝተወሳኺ ኣረዲኡ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ዓብደላ ሱወይልሕ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ልምዓት ተምሪ ከይተሓጽረ፡ ኣራዊሽ፡ ዘይቱን ሎሚን በርበረን ጥረታትን ንምልማዕ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ቀጻሊ ምምኽኻርን መጽናዕትን ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ኣማራጺ ጾሓያዊ ጸዓት ንምትእትታው'ውን ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

## ሞልቀ - ጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ተጣዩሰን



ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ንጽጉማት ስድራቤታት ብጥሪት ኣጣዩሰን።

እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግር ዜጋታት ንምቅላል ዝተገብረ ጻዕሪ ምዃኑ ዝሓበረ፡ ተጸዋዒ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ፍቕረስላሴ የማነ፡ እተን ብምምሕዳር ዝተለለያ ስድራቤታት ከም ምርጫአን ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጤለ-በጊዕ ከምእተጣየሳ ገሊጹ።

ኣብ መጻኢ 50 ስድራ-ስውኣትን 50 ጽጉማት ስድራቤታትን ተጸዊዐን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንምጥያሰን መደብ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ምስ ምእታው ክራማት - ህዝቢ ኣብ ከተብኡ ንዝርከቡ ጽጉማት ስድራቤታትን ስድራ ስውኣትን ዝዥበሮ ሓገዝ ክደፍኣሉ ኣዘኻኺሩ።

## ዓዲ ቐይሕ - ንኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ሓገዝ ተገይሩ




ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንዝነብሩ ዜጋታት ሓገዝ ተገይሩ።

እቲ ብ27 ግንቦት ዝተዓደለ ሓገዝ ናይ ንዋት ምዃኑ፡ ሓላፊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ መምህር ኣንገሶም ሰሎሙን ገሊጹ።

ሓገዝ ካብ ዝተገበረለን ስድራቤታት ብወገነን ስለ'ቲ ሓገዝ ምስጋና ብምቕራብ፡ ርእሰን ክኢለን ንካልኦት ኣብነት ክኾና ከምዝጽዕራ ኣረጋጊጸን።

ኣብ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝተጠርነፉ 52 ኣባላት ኣለዉ።


# ስዉእ ሚኒስተር ወልደሚካኤል ኣብርሃ ብልሳን ብጾቱ

ዳህላክ ነጋሲ

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ገዳም ተጋዳላይ ወልደሚካኤል ኣብርሃ፡ ብ24 ግንቦት 2025፡ ኣብ መበል 87 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ፡፡ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ብጾቱ ከመይ ይገልጽዎ፡ ቃለ-ምሕትቶም እንሆ፡፡

**ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን - ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ**

ብጻይ ወልደሚካኤል ከም ተቓላሳይ ህዝቡ፡ ምቕሉልን ብቑሉ ምስ ሰባት ዝረዳዳእን እዩ ነይሩ፡፡ እቲ



ቃልሲ ሃገራዊ ባህሪ ንክህልዎ ህዝቢ ኣብ ምውዳብ ብኣበርቲ ዝጥቀስ ስራሕ ዝሰርሐ እዩ፡፡ ኣብ ኩሉ መድረኻት በቲ ሓቛፊ፡ ኣተባብዓን ሓቡሓበን ባህርያቱ ዝልለ እዩ ነይሩ፡፡ ሓደ ሰውራዊ ወይ ካድር ክህልዎ ወይ ክውንኖ ዝግባእ ባህሪ ዝሓቖፈ ሰብ'ዩ ነይሩ፡፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብስራሕ ኣብ እንራኸበሉ፡ ምርድዳእን ምውህሃድን ዝመልኦ ርክብ'ዩ ነይሩና፡፡ ሰብ ዝኽተሎ ናይ ህይወት ፍልስፍና ቅኑዕ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዕንቅፋት ከጋጥሞ ንቡር እዩ፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ግን ብሉጽ ባህርያት ሓዚ ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ክሳብ መወዳእታ ዝተወፈየ ጅግና እዩ፡፡ መንእሰያት ከኣ ኣሰር ከም በዓል ወልደሚካኤል ዝኣመሰሉ ዝቐደሙ ጀጋኑ ሃገራውያን ብምኽታል ነቲ ናተይ ወይ ወለዶይ ዝበሎም ህዝቢ ብትግሃት፡ ጽንዓትን ቅኑዕ ኣጠማምታን ከገልግልዎ እላቦ፡፡ ብማስዋእቲ ብጻይ ወልደሚካኤል ኣዚየ ዝሓዘንኩ፡ እንተኾነ፡ በቲ ዘሐለፎ ታሪኹ ድማ እኹሩ፡፡

**ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ - ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ**

ሌላና ምስ ብጻይ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ካብ 1974 እዩ ዝጀመረ፡፡ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳራት ብሓባር ክንሰርሕ ጸኒሕና፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ኣቦ ቃልሲ እዩ፡፡ ሰለስተ ክፋል ህይወቱ ን'ዚ ሃገርን ህዝባን ዝወፈየ ጅግና ኣብነታዊ ተቓላሳይ እዩ፡፡ ንሱ፡ ሓደ ካብ'ቶም ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘዐወቱ ሃገራውያን ተቓለስቲ እዩ፡፡ ኤርትራ



ሃገር ክትከውን፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ክውንን ብዝለዓለ ደረጃ ንቕሓትን ውዳበን ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ እዩ፡፡ በዚ ከኣ ሓደ ዓቢ ገረብ ወዲቑና፡ ወይ ስኢንናዮ ክብል እኽእል፡፡ ምእንቲ ሃገርን ህዝባን "ዕድመ ይሃብካ" ክንብሎ ኢና ጸኒሕና፡፡ ቀሩብ ክጸንሕ ትምኒትና'ኳ እንተ ነበረ፡ ድሌትና ኣይሰመረን፡ ለሚ ካባና ተፈልዩ ኣሎ፡፡ እንተኾነ እዚ ሕጊ ተፈጥሮ እዩ፡፡ ጅግና ኣይኑብርን'ዩ ታሪኹ'ዩ ዝወርስ፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ካብ 1950ታት ጀሚሩ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ማእለያ ዘይብሉ ስራሕ ፈጺሙ እዩ፡፡ ብዓቢ ሓላፍነትን ንቕሓት ኣተሓሕዘን ዝተቓለሰ እዩ፡፡ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ሓፋሽ ህዝቢ ልዑል ኣበርክቶ ነይሩዎ፡፡ ብፍላይ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሓልዮታት፡ ሸቃሎ፡ ተማሃሮ፡ ሓረስቶትን ሸማቶኤን ኮታስ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ሓላፍነት ኮይኑ፡ ህዝቢ ኣብ ምውዳብ ዝለዓለ ተራ ዝተጻወተ እዩ፡፡ በዚ ድማ፡ ኣቦ ቃልሲ፡ ሓድነት፡ ጽንዓትን ፍቕሪ ሃገርን ክብሎ እደሊ፡፡

ብጻይ ወልደሚካኤል ብኹሉ ባህርያቱ ኣብነታውን መምህርን እዩ ነይሩ፡፡ ዋላ ንወሓዳት ደቓይቕ ምስኡ ኣብ እተዕልለሉ እዋን ብዙሕ ሞራል ኢኻ ትሰንቕ፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ምስ ሰባት ዝለዎ ኣቀራርባን ትሕትናኡን ዝደነቕ እዩ፡፡ ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ከም ናቱ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ክማዕብልን ክህልዎ'የ ዝብህግ፡፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ንሱ ብ ዘጸንሕን ሞራል ዘሰንቕን ሓላፊ'ዩ ነይሩ፡፡ መንእሰያት፡ ኣሰር ብጻይ ወልደሚካኤልን ካልኦት ዓበይቲ መራሕትን ብምስዓብ ሃገራውነት፡ ሓቦ፡ ተሰፋ፡ ኑብሱ-ምትእምማንን ካልእ ክብርታትን ክወርሱ እላቦ፡፡

**ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ - ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት**

ምስ ብጻይ ወልደሚካኤል ካብ 1970ታት ማለት 1975-76 እዩ ሌላና፡፡ ንዌሕ ዓመታት ብሓደ ዴና ኢና፡፡ ቀንዲ ዕማሙ ወይ ተልእኾኡ




ምስ ህዝቢ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ይኃጥፍ ብምንባረይ ብቐረባ ብሓደ ክንሰርሕ ክኣልና ኢና፡፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ሰራሕተኛታት እንከሎ፡ ኣነ ከኣ ኣቦ መንበር ማሕበር ተመሃሮ ነይረ፡፡ ናይ ኩሉ እቲ ማሕበራት ዝተወሃሃደ ኣካል ቁይሙ ብምንባሩ ድማ ነቲ ኣካል ዝመርሕ ብጻይ ወልደሚካኤል እዩ ነይሩ፡፡ ስለዚ፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዝና ንሓያሎ ዓመታት ብሓባር ስለ ዝሰራሕና፡ ብቐረባ ዝፈልጦ ብጻይ እዩ፡፡ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓደ ብጻይ ምስቲ ሓደ ኣውዳዪርካ ክትገልጾ ከቢድ እዩ፡፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ይኹን ምውሓስ ልኡላውነት ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት ዘሎ፡ ታሪኽን ጅግንነትን ብኸመይ ክግለጽን ክሰንድን ከም ዝኽእል ዓቢ ሕቶ እዩ፡፡ ካብኡ ናብኡ ግን ብጻይ ወልደሚካኤል ሓደ እዛ መሬት ካብ ዘፍረየቶም ዝበለጹ ተጋደልትን መራሕትን እዩ፡፡ ብዘበቕዖ፡ ትዕግስቱ፡ ትሕትናኡን ተጉዳስነቱ ኣብ ዜጋታትን ዝልለ እዩ፡፡ ንሓያሎ ዓመታት ምስ ህዝቢ ብምስርሑ፡ ሸገር ህዝቢ ብፍትሓዊ መንገዲ ንምእላይ ብቕዓምነት ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዩ፡፡ በዚ ከኣ ብቐረባ ናይ ህዝቢ ኩነታትን ኣጉዳስነትን ዝርዳእ እዩ ነይሩ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምርግጋጽ ብዙሕ ዝጸዓየ እዩ፡፡

ብጻይ ወልደሚካኤል ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ኣብ ሓራ መሬትን ድሕሪ ማስመር ጸላኢን ሓያሎ ዕማማት ዝፈጸመ እዩ፡፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር ህዝቢ ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ብዝመሳሰለ ነቲ ዝቐደደ ዝነበረ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘዕወት ብዙሕ ስራሕ ፈጺሙ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብዮሁበሪ ፍቕሪ ሃገር ዘረጋገጸን ዘርኣየን ኮይኑ፡ ኣብ ጽንኩር ግዜ ይኹን ኣብ ተዛማዲ ደሓን ኩነታት ዘይቅየር ባህሪ ዝነበሮ ሓያል ተጋዳላይን መራሕን እዩ ነይሩ፡፡ ሓደ ካብ ዝደነቕ ባህርያት ብጻይ ወልደሚካኤል፡ ትዕግስቲ እዩ፡፡ ምስ ትዕግስቱ ዝዳረግ ከኣ ናይ ህዝቢ ጉዳያት ኣብ ምፍታሕ ዘርእዮ ብቕዓት እዩ፡፡ ጉዳያት ናይ ምፍታሕ ተጉዳስነቱ ሓደ ካብ ብሉጽ ባህርያቱ እዩ፡፡ ጽን ኢልካ ጉዳያት ናይ ምስማዕን ምርዳእን ብልሚ ነይሩዎ፡፡ ብዮንቕሊ ንኹሎም ወገናት ሰሚዑ፡ ብድሕሪኡ ንምፍታሑ ዝገብሮ ጻዕሪ ከኣ ኣብ መማርሕን ውሳነን ዝተመርኮሰ ዘይኮነ ኣብ ምርድዳእን ልዝብን ዝቖመ እዩ ነይሩ፡፡ ካልእ ሓያል ጎድኑ፡ ሓድነት ንምሕያል ወትሩ ብትግሃት ዝሰርሕ ምንባሩ እዩ፡፡ "እዛ ሃገር ኣብ ዜግነት ዝተመስረተት ሃገር እያ፡፡ ንኹሉ ማዕረ እትብጽሓ ስለዘኾነት፡ ናይ ኩሉ ተሳትፎ ክህሉ ኣለዎ" ይብል ነይሩ፡፡ ነዚ ንምርግጋጽ ብዮሁበሪ ብዙሕ ስራሓት ሰሪሑ እዩ፡፡

ብጻይ ወልደሚካኤል ብቐረባ ኣብ መሳርሕቱ ጽልዋ ናይ ምሕዳር ዓቕሙ ልዑል እዩ ነይሩ፡፡ ንኣብነት፡ ኀሰንሱ ፖለቲካዊ ስርሓት፡ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ትምህርቲ ካድር ክወሃብ ከሎ ዘቐርቦ ትምህርቲ መሳጢ እዩ ነይሩ፡፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተመኩሮ ዘጥረየ ብምንባሩ፡ ክልሰ-ሓሳብዊ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ኣብነታት ናይ ዝሓለፍም መድረኻት እናምጽአ ኣስተምህሮ ዝሁብ ኣዚዩ ጸላዊ መራሒ እዩ ነይሩ፡፡ ነቶም ብቐረባ ምስኡ ዝሰርሑ ኣባላት፡ ንቕሓቶም ክብ ንምባል ብትግሃት ዝሰርሕ ዝነበረ ተጋዳላይ እዩ፡፡ ብዘይ ቃልዓለም ብጻይ ወልደሚካኤል ፍሉይ ብጻይ'ዩ ነይሩ፡፡ ኣብ ደቂሰብ ድኽምን ሓያልን ባህሪ ክትርኢ ንቡር እዩ፡፡ ኣብ ብጻይ ወልደሚካኤል ግን "እንታይ ድኽም ባህሪ ኮን ይህልዎ " ኢልካ ድኽመት ክትረክብ ኣጸጋሚ እዩ፡፡ ኣብ ምልእ ዕምሩ ተሰፋ ኣብ ዘይቆርጽ ፈታኒ መድረኻት'ውን እንተኾነ "ናጽነት ክረጋገጽ'ዩ" ብምባል ክሳብ መወዳእታ ዝተቓለሰ ብጻይ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ሕድሪ ናይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣብነታውያን ጀጋኑ ብዮሁበሪ ኣረጋጊጽና፡ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ዝሓሸን ዝበረኸን ኩነታት ንምብጻሕ መብጽዓ ክንኣቱ ይግብኣና፡፡

**ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ**

ንብጻይ ወልደሚካኤል ኣብርሃ ብቐንዱ እቶም ምስኡ ንሓያሎ ዓመታት ዝጸንሑ ሓለፍቲ ግንባርን መንግስትን ክገልጽዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብወገነይ፡ ኣብ ወሽጢ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ማለት ካብ 2014



ኣትሒዘ ክዛረብ ይኽእል፡፡ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ጠቕላሊ ኣካይዳ ስራሕ ኮይኑ ንኣስታት ሸዱሸተ ዓመታት ምስ ብጻይ ወልደሚካኤል ሰሪሐ እየ፡፡ ብድሕሪዚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ኮንኩ'ውን ብቐጻሊ ስራሕ ስለዝራኸብና፡ እቲ ኣብ መንጎና ዝነበረ ጥቡቕ ዝምድና መለሱ ዓሚቕ፡፡ በብእዋኑ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ናይቲ ሚኒስትሪ፡ መደባት ስራሕን ካልእን እሂን ምሂን ንበሃሃል ነይርና፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ብትሕትናኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍልጠቱን ተመኩሮኡን ከካፍል ድሕር ዘይብል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ሓላፍነት ንዘርከቡ ኣባላት ዝሕብሕቡ፡ ርእይቶኦም ክገልጹ ዝዕድም፡ ገንቢ ርእሶም ከማዕብሉ ዘተባብዕን ዝኣልን ከም ሚኒስተርን መራሕን ዘይኮነ ከም ኣቦን ዓቢ ሓውን ኢና እንርእዮ ነይርና፡፡ ብሓፈሻ ኣካይዳኡ፡ ባህርኡ፡ ኣመራርሓኡን ትሕዝቶኡን ብምልኣት ንኽብርታት ህዝባዊ ግንባር ዘንጸባርቕ ኣብነታዊ መራሒ እዩ፡፡

ብጻይ ወልደሚካኤል ንዝሕጸጽ መደብ ስራሕ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጥራይ ኮይኑ ዝከታተልን ዘወሃህድን ኣይነበረን፡፡ ኣብ ሸዱሸተአን ምምሕዳራት ዞባታት ንዝቶየዱ ንጥፈታት ልምዓት ይኹን ምስ ህዝቢ ዝተሓሓዘ ጉዳያት ብደቂቕ እዩ ዝከታተሎ፡፡ ንዝቐርብ ሕቶታት'ውን ዘዕግብ መልሲ ዝህብ መራሒ እዩ፡፡ ብሓደ ኣብ ዝሰራሕናሉ 10 ዓመታት ብኣበርቲ ዝመርሕ ሓለፈ፡ ማለት ዋላ ንዘይሰማምዓሉ ሓሳባትን ርእይቶታትን ግዜ ሂቡ ብዓቢኡ ዝሰምዕ ውሳኔታት ኣብ ምሃብ ዘይህወኽ ምኳኑ እየ ተዓዚበ፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ነዛ ሃገር ምሉእ ህይወቱ ዘገልገለን ዘወፈየን መራሒ እዩ፡፡ ብፍላይ መንእሰያት ኣብ ምእላይን ምሕብሓብን ዝገበሮ ዝነበረ ጻዕሪ ቀሊል ኣይነበረን፡፡ ንየም ምስኡ እንሰርሕ ሓለፍቲ፡ ዜያዳ ኣብ ንኣሽቱ ወለዶ ክንግደስ እዩ ዝምዕደና፡፡ በዚ ከኣ፡ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ናይ መሪሕነት ክመጽኡን ኣብ ምሕላፍ ውሳነታት ክሳተፉን ክምስረቱ እናተባብዐ ኣመሓዳሪ ዞባታት ኣብ ምምሕዳር ዝርከቡ ጸገማት ብመንእሰያት ክፍትሑን ኮታ ኣድማዒ ስራሕ ንኽዕየዩ ዝደናእ ሰብ'ዩ ነይሩ፡፡

ኣብ ምምሕዳራት ዝረኣዩ ጸገማት ብመንእሰያት ክፍትሑን ኮታ ኣድማዒ ስራሕ ንኽዕየዩ ዝደናእ ሰብ'ዩ ነይሩ፡፡ ምቕሉል፡ ምስ ንእሹቶን ዓበይን ዝነበሮ ዝምድና ምስጉን ንኹሉ ማዕጸኡ ርሑው'ዩ ነይሩ፡፡ መብዝሕትኡ እዋን ቅድመና ኣንጊሁ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝርከብ ሓላፊ እዩ ነይሩ፡፡ መደባት ስራሕ ሰሪዑ፡ ወጥናት ድሕሪ ምክፍፋል ጸን ኢሉ ርእይቶ ይሰምዕ፡፡ ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ዝወጸ መደብ ስራሕ ኣብ ምትግባር ንሱ'ውን እጃሙ ብምውሳድ፡ ንትግባረ'ቲ መደባት ብደቂቕ ዝከታተል ብምንባሩ፡ ኩሉ ኣባል ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ናይ ስራሕ ዲሲፕሊን ክህልዎን ሰራሕተኛታት ኑብሶም ከማዕብሉን ዝደርኽ ኣብነታዊ መራሒ እዩ ነይሩ፡፡

**ግዚያዊ ጸሓፊ ሃብሴ - ኣቶ ክብርኣብ ኪዳን**

ምስ ብጻይ ወልደንኪኤል ካብ ሕዳር 1974 ጀሚርና ኢና እንፋለጥ፡፡ ይዝከረኒ፡ ወዲ 22 ዓመት ኣብ ዝነበርኩሉ፡ እንትርፎ ስሚዒትን ድሌትን ካልእ ኣፍልጦ ኣይነበረንን፡፡




ኣቦ'ቲ ግዜ'ቲ ምስኡ ብምርኻበይ ዕድለኛ እየ፡፡ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚርና ክሳብ 1987 ብሓደ ሰሪሕና፡፡ ካብ 1974-1977 ዝነበረ ዓመታት ከኣ ኣነ ዝተሃጸኩሉ ግዜ እዩ፡፡ ካብቶም ቀንዲ ሃጸትና፡ ብጻይ ወልደሚካኤል እዩ፡፡ ብዘይ ቃል-ዓለም ብዙሕ ሰሪሕና - ሰሪሑ ከም ንሰርሕ ገይሩና፡፡ እቲ ንቕሓት ናብ ነገራዊ ሓይሊ ይቕየር ዝብል መትከል ህዝባዊ ግንባር፡ ብዮሁበሪ ርኢናዮ፡፡ እቲ ዝተሰርሐ ስራሕ ክትጽብጽቦ ነዊሕ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ 1976 ኣብ ከባቢ ሚያዝያ፡ ብጦጦላሚ ሓደን ሰለስተን ኣብ እንዳ ፍሩሲታሉ ቃኘው ዝተኻየደ ስርሒታት፡ ገዚዐብ ካብ ጥንቲታት ኣብ ምውጻኡ ንብረት ጸላኢ ኣብ ምምንዛዑ ኮታ ኣብ ኩሉ ብዓል ወልደሚካኤል መሪሕ ተራ እዩ ነይሩዎም፡፡ ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ ክሳብ ውድባዊ ጉባኤ - 1979 ብኸፍሚ ዝበሎ ዘለኹ እቲ ህንጻት፡ ተራኻቢን ዓቕምኻን ምጥባር እዩ ነይሩ፡፡ ብጻይ ወልደሚካኤል ሓያል - ወዓቢ፡ ሰራሒ ሰቡ፡ መኻሪ ወላዲ ብሓፈሻ ናብ ደረጃኻ ወሪዱ ክቕይረካ ዝፍትን ብኽፉት ልቢ ዘዕልልን ዝመኽርን እዩ፡፡ ድሕሪ 1979 ዝነበረ ግዜ ከም ካልኣይ መድረኽ እንተ ርኢናዮ፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ወጺአ ኣብ ማሕበር ምስ መጸኹ፡ ኣብኡ እውን ብሓባር ሰሪሕና፡፡ ካብቲ ብተዛማዲ ጽቡብ ዝበሎ ኣብ ዝሰፍሐ ተመኩሮ ተራኺብና፡፡ ብጅግንነትን ተወፋይነትን ብጻይ ወልደሚካኤል ኣዚየ ሕቡን እየ፡፡

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሕርሻዊ ጽላት ኣብ 34 ዓመታት ናጽነት

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታም፡ ንገስጋስ ምርምር ሕርሻ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምስራሕ ከዘንቲ ማያትን፡ ልምዓት ዘራእቲ፡ ልምዓት ተምሪ ከምኡ'ውን ቍጽጽር ሳገምቲ ባልዓት ዘጠቓለለ ሓፈሻዊ ጉዕዞ ሕርሻዊ ጽላት ኣብ 34 ዓመታት ናጽነት ቀዳማይ ክፋሉ ኣቕሪብናልኩም ኔርና። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ'ውን ኣብ ሃብቲ እንስሳ፡ ጥዕና እንስሳ፡ ምትብባዕ ባህርያዊ ሕርሻ፡ ሕርሻዊ ሕጋጋትን ቍጽጽርን ዝሓቑፈ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል ቀሪቡ ኣሎ።*

***



### ሃብቲ እንስሳ

ኣብ እዋን ናጽነት፡ ብዘይካ'ተን ኣብ ገጠራት ብልምዲ ዝተሓዛ ደርሁ ገደና፡ ምርባሕ ደርሁን ምፍራይ እንቋቝሖን ከም ዋኒን ዝሕዞ ሰብ ነይሩ ምባል ኣይከኣልን።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ፈለማ ናጽነት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምሩጻት ዓሌታት ኣደታት ጨቓዊት ካብ ደገ እናምጽአ፡ ንዓኣተን ድማ ኣዕኹኹ ንተጠቐምቲ ምዕዳል ጀሚሩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 34 ዓመታት፡ ኣስታት 113 ሽሕ ኣደታት ከእቱ እንከሎ፡ ኣስታት 7.5 ሚልዮን ሓደ ወርሒ ዝዕድሚአን ጨቓዊት ድማ ተዘርጊሐን። እቲ ብዝሕን ስፍሓት ዝርጋሐን ድማ ዓመታዊ እናወሰኸ እዩ ኸይዱ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መፍረ ንህቢ፡ ኣብ 1991 ኣስታት 19 ሽሕ ዕስለ ኣናህብ ምንባሮም ይግምገም። እዚ ቝጽሪ ብዘገምታ ዕብየት እናኣርኣየ፡ ኣብ 2025 ናብ ልዕሊ 46 ሽሕ ዓብዩ ይርከብ። ባህላዊ ቀፎ ንህቢ ብዘመናውን ጋብላውን ቀፎ እናተተክአ ይመጽእ ኣሎ። ካብ ጠቕላላ ዘለዉ ቁጽሪ ኣናህብ፡ እቲ 51 ሚእታዊት ብዘመናዊ ቀፎ፡ 41 ሚእታዊት ብባህላዊ ቀፎ፡ ዝተረፈ 8 ሚእታዊት ድማ ብጋብላዊ ቀፎ ዝተታሕዘ እዩ። ጋብላዊ ቀፎ፡ እቲ ብቑጠባዊ ጉዳይን ንቕሓት ምሕደራን ብዘገምታ ዝግስግስ ዘሎ መስርሕ ምስግጋር ናብ ዘመናዊ ኣገባብ ምርባሕ ንህቢ እዩ። ንምስርሑ ይኹን ንኽተመሓደሮ ኣዝዩ ቀሊል ዝኾነ ዓይነት ቀፎ ብምትእትታው፡ ምህርቲ መዓርን ቍጽሪ ኣርባሕቲ መዓርን ብተዓጻጻፊ ንምውሳኽ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ።

ሎሚ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና መዓር ይፈሪ ኣሎ። ዋጋኡ ካብቲ ኣብ ፈለማ ተሰዓታት ዝነበሮ ልዕሊ 400 ናቕፋ፡ ናብ ከባቢ 200 ናቕፋ ወሪዱ ይርከብ።

### ጥዕና እንስሳ

ኣብ ጥዕና ጥሪት እንተመጺእና'ውን ዓቢ ስራሕ ተዓሚሙ እዩ። እተፈላለዩ ሕማማት ንምቁጽጻር፡ መንግስቲ መደብ ግዱድ ክታበት ብምውጻእ፡ ካብ 1993-1997 ዝተራእዩ 67 ዝተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እንስሳ ናብ 32 ከም ዝወርዱ ኰይኖም። ነዚ መሰረት ብምግባር ካብ 2013 ጀሚሩ፡ ዓመታዊ 2.5 ሚልዮን ጥሪት ይኽተባ ኣለዋ። እዚ ድማ ንኽስተታት ሕማማትን ሞትን እንስሳን ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ኣውሪዱዎ። ገለ ካብቶም ሕማማት ጉልሓይ መሰል ጨሊ-በጊዕ፡ ፍሮማይ ከብቲ፡ ፍሮማይ ጨሊ-በጊዕ፡ ኣናሶ ክግለጹ ይኽእሉ።

ኤርትራ፡ ኣብ ምጥፋእ ተመሓላላፊ ሕማም ጉልሓይ ዝተዓወተት ሃገር እያ። መደብ ምጥፋእ ተመሓላላፊ ሕማም ጉልሓይ ካብ ሜዳ ዝጀምር ኰይኑ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ክሳዕ 1997 ክታበት ተኻይዱ። ድሕሪኡ'ውን ምጥፍኡ ንምርግጋጽ ቀጻሊ ኮለላ ብምክያድ ካብ ከብቲ መከላኸሊ መድሕን ከም ዘጥረዩ፡ ድሕሪኡ'ውን ካብ ሓደሽቲ ምራኹት ደም ኣኪብካ ህላወ ናይቲ ሕማም ከም ዘየለ ብምርግጋጽ፡ ኣብ 2005 እዚ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ከም ዝጠፍአ ተረጋጊጹ። ሳላ'ቲ ዝተገብረ ሓያል ጻዕሪ ድማ ኣብ ዓመተ 2005 ጠቕላላ ካብ ኤርትራ ከም ዝጠፍአ ዘረጋግጽ ወርቂ መዳልያን ምስክር ወረቐትን ካብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና እንስሳ ተዋሂቡ።



### ምትብባዕ ባህርያዊ ሕርሻ

ካብ 2021 ጀሚሩ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ሓደ ሸማግለ ብምቛም፡ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን፡ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ንምምዕባል ይሰራሕ ኣሎ። ነዚ ጉዳይ፡ ሚ/ሕርሻ ብቐጻሊ መጽናዕቲ የካይደሉ፣ ሓረስቶት ብዘላቕነት ንኽጥቀምሉ ድማ እተፈላለየ ስልጠናታት ይህብ ኣሎ። ንኣብነት፡ ባልዓት ብቍሊ ንምክልኻል፡ ካብ እተፈላለየ ኣትክልቲ ከም ኒም፡ ሸጉርቲ ጻዕዳ፡ በርበረ፡ ተምሪ ሙሳን ካልእን ኣቃሚምካ ዝዳሎ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ብምትብባዕ፡ ተጠቃምነት ቀመማዊ ጸረ-ባልዕ ንምጉዳል ይሰርሓሉ ኣሎ። ብተወሳኺ ምጉዳል ባልዓትን ምስሳን ተፈጥሮኣዊ ስነ-ሂወታውያን ተጻባእቲ ባልዓትን ከምኡ'ውን ባህርያዊ ጸረ ባልዕ እናተጠቐምካ፡ ምክልኻል ባልዓት ሓደ ተኣታትዩ ዘሎ ሜላ እዩ።

ዛጊት 260 ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ ድኹዒ ዓሳን ጻህያይ ባሕርን (fish amino acid and sea weed extract) ከምኡ'ውን ልዕሊ ክልተ ሽሕ ሜተር ኩቦ ኮምፖስት ተዳልዩ ናብ ሓሙሽተ ዞባታት ተዘርጊሑ ኣሎ። ባህርያዊ ሕርሻ ንምትብባዕ ድማ ኣብ ኣኽርያ፡ መደበር መርኣያ ባህርያዊ ሕርሻ ተደኲኑ ይርከብ።

### ሕርሻዊ ሕጋጋትን ቍጽጽርን

ዜጋታት፡ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ሕርሻዊ ፍርያት ንኽረኽቡ፡ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ናይቶም ናብ ዕዳጋ ዝቐርቡ ፍርያት እንስሳን ብቝልን፡ ከምኡ'ውን መድሃኒት እንስሳን ብቝልን ኣብዘን ዝሓለፋ 34 ዓመታት ኣተባባዒ ገስጋስ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ እዋን ናጽነት ዝነበረ ቁጽሪ ሕርሻዊ ፍርያት ዘምስርሓ ትካላት ብተዓጻጻፊ ከም ዝወሰኸ፡ ብኡ መጠን ድማ ቍጽጽራዊ ንጥፈታት ምዚያዱ ተሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፋ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ቍጽሪ ናይተን ፍርያት ብቝልን ፍርያት እንስሳን ዘመስርሓ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት፡ ካብ 8 ናብ ከባቢ 30 ክብ ምባሉ ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ብቕዓቱን ድሕነቱን



ዝሓለወ ምስሩሕ ሕርሻዊ ፍርያት ከም ዘህልኽ ንምግባር፡ ካብ ዝተኻየዱ ጻዕርታት ሓደ፡ እቲ ካብ ደገ ዝኣቱ ዝነበረ ፍርያት ርግኣ፡ ምሉእ ብምሉእ ድሕነቱን ብቕዓቱን ብዝሓለወ ብናይ ውሽጢ ሃገር ፍርያት ተተኪኡ ምህላዉ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ብቕዓት ኣብያተ ሕርዲታት ዓቕሚ ዝፈቕዶ ቍጽጽራዊ ስራሓት'ኳ ዝካየድ እንተኾነ፡ ብፍላይ ኣብ ዞባታት ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ከም ዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ካብን ናብን ሃገርና ንዝኣቱ ሕርሻዊ ፍርያት ንምቍጽጻር፡ ኣብ ቀንዲ መእተዊ ዶባት ሃገርና፡ ማለት ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ወደባት ባጽዕን ዓሰብን ከምኡ'ውን ኣብ ተሰነይ ነቝጣታት ውሽባ ብምቛም፡ ዓቕሚ ዝፍቅዶ ቍጽጽራዊ ንጥፈታት ከም ዝካየድ ይፍለጥ። ብተመሳሳሊ፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ንሰደድ ዝኸዱ ብቝልን ፍርያት ብቝልን'ውን ብዘድሊ ናይ ጥዕና ወረቐት ምስክር ተሰንዩ ከም ዝተላእከ ጸብጻባት እቲ ክፍሊ ይሕብሩ።

ዝተመሓየሹ ዓይነታት ዘርኢ ኣብ ዝባዝሕሉ እዋን፡ እቲ ዝድለ ደረጃ ብቕዓት ምሓዞም ንምርግጋጽ፡ ንኣባዛሕቲ ዘርኢ ምስክር ብቕዓት ምሃብ ሓደ ካብ ንጥፈታት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ምዃኑ ዝሓበረ እቲ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት፡ ብዝሒ ዝተባዝሐ ምሩጽ ዘርኢ ካብ 700 ኩንታል ኣብ ዓመት ናብ 5000 ክዓቢ ከም ዝኸኣለ'ውን ጠቒሱ።

ስነ-ቀመማት ሕርሻ ኣብ ኣከባቢ፡ ጥዕና ሰብን እንስሳታትን ዘየድሊ ሳዕቤናት ንኸየስዕቡ ካብ ዝተኻየዱ ጻዕርታት፡ ካብ 2007 ክሳዕ 2017 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ መላእ ሃገር ብዝተኻየደ ሓያል ወፍሪ ናይ ምውጋንን ምጕሓፍን መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ልዕሊ 360 ቶን፡ ካብ ግዜ መግዛእቲ ኣትሒዞም ተዓቝሮም ዝጸንሑ መዓልቶም ዝሕለፉ መድሃኒታት፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ብምስዳድ ኣህጉራዊ ደረጃ ብዘማልአ ኣገባብ ከም እተወገዱ ይፍለጥ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር፡ መትሓዚታት ጸረ-ባልዕ ብውሑስ ኣገባብ ንምውጋኖም'ውን ብቴክኖሎጂ እተሰነየ ንጥፈታት ይካየድ ምህላዉ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ ብእተፈላለየ መንገዲ ዝተበላሸዉን መዓልቶም ዝሕለፉን፡ ልዕሊ 46 ቶን መድሃኒት እንስሳን ክታበታትን እውን ምስ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ደረጃኡ ብዝሓለወ ኣገባብ፡ ከም ዝውገንን ከም ዝጕሓፉን ተገይሩ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ምስ ዝምልከተን ኣካላት መንግስትን ገለ ብሕታውያን ትካላትን ብምውህሃድ፡ ሃገራዊ ማዕከን ስርዓተ ሓበሬታ ብምምስራት፡ ልዕሊ 4500 ዓሌታት ብቝልን እንስሳን ሰኒዱ ከም ዝርከብ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ንህዝቢ ክፉት ክኸውን ምዃኑን ጸብጻባት ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን የረጋግጽ።

ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
ሚኒስትሪ ሕርሻ

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኰይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ሻቕሎት ካብ ሕጽኖት!

ኣማኻሪ፦ ሄለው ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም?

ደዋሊ፦ ናባኹም ደልየ'የ ደዊለ።

ኣማኻሪ፦ መርሓባ ክሰምዓካ ድልው'የ። ብመጀመርታ ግና ሓፈሻዊ መላለዪ ክኾነና ስምካ፡ ዕድሜኻ፡ ደረጃ ትምህትኻን ትድውለሉ ዘለኻ ቦታንዶ ምነገርካኒ?

ደዋሊ፦ መሓሪ እበሃል፡ ወዲ 28 ዓመት'የ። 12 ክፍሊ ወዲአ፡ ብሞያ እናሰራሕኩ'የ ናብራይ ዘመሓድር። ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፦ ሕራይ መደወሊኻ ጉዳይ እንታይ ኮን ይኸውን?

ደዋሊ፦ ካብ ዝምርያ ሰሙን'የ ገይረ ዘለኹ። ባህርያት ብዓልቲቤተይ ግና ሻቕሎት ፈጢሩለይ።

ኣማኻሪ፦ ኣብ ሰሙንኩም ደኣ እንታይ ዘሻቕል ረኺብካ?

ደዋሊ፦ ኣብ ቦርሰኣ ከኒና ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ረኺበ። "እዚ ከኒና ኣብ ቦርሳኺ ንምንታይ ኢልኪ ሒዝክዮ፡" ብዝብል ዘረባ'ዩ ተላዒሉ። እዚ ጉዳይ ዘልዓሎ ዘረባታት ሕጽኖትና ንሰሙን ምሉእ፡ ሰላም ስኢኑ ኣሎ። ነገራቱ ኣስደሚሙኒ፡ ገለ ምኽሪ እንተ ረኸብኩ ኢለ'የ ናባኹም ደዊለ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፦ መሓሪ ቅድሚ ብዛዕባ'ዚ ኣጋጢሙኒ ትብሎ ዘለኻ ጉዳይ ምዝራብና፡ ሓደሸቲ ተሓጸንቲ ከም ምዃንኩም መጠን ቀኑብ ናብ ቅድሚ መርዓኹም ዝነበረ ብዝኽሪ ንድሕሪት ክመልሰካ'የ። ምስዛ ብዓልቲቤትካ ኮይና ዘላ ካብ ትፋለጡ ክንደይ ትገብሩ ትኾኑ?

ደዋሊ፦ ቅድሚ መርዓና ንዓመት ዝኸውን ዜርና ኢና።

ኣማኻሪ፦ ስለዚ ብዕርክነት ኢኹም ተመርዒኹም ማለትካ ድዩ?

ደዋሊ፦ እወ። ኣይተጋገኻን።

ኣማኻሪ፦ ሕራይ፡ ሕጂ ግና ኣብ ሰሙን ከኒና ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ኣብ ቦርስኣ ስለ ዝረኸብካ ዝተጀመረ ዘረባ ኣይተቓደኹምን ኢልካኒ። ሕጂ ዲኻ ንመጀመርታ ረኺብካላ ወይ ቅድሚ ሕጂ ትፈልጠላ ነይሩካ'ዩ?

ደዋሊ፦ ሓቂ 'ሓይሽ ቅድሚ መርዓና ዳርጋ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝኸውን ብድሌት ክልቴና ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ጾታዊ ርክብ ንገብር ስለ ዝነበርና፡ ከይትጠንስ ብምባል ከኒና ትወስድ ነይራ'ያ።



ኣማኻሪ፦ እሞ ሕጂ ኣብ ግዜ ሕጽኖት ከኒና ረኺበላ ኢልካ ክሳብ ክንድ'ዚ ዘሸግረካ ዘሎ ጉዳይ እንታይ ሓድሽ ነገር ስለ ዝተረኸበ'ዩ?

ደዋሊ፦ ኣብ ሕጽኖት ደኣ ሓዳር ስለ ዝገበርና ኣድላዪ ኣይኮነን ኢለ ስለ ዝሓሰብኩን፡ ድሓር ከኣ ቅድሚ ምሳይ ምልላያ ካልእ ዓርኪ ስለ ዝነበራን ኵሉ ነገራት ተሓዋዊሱኒ ምእማና ስለ ዝኸበደኒ'ዩ።

ኣማኻሪ፦ ስለዚ ከኒና ምርካብ ከም ሳዕቤን እምበር እቲ ቀንዲ ዘሸግረካ ዘሎ ጉዳይ ቅድሚኻ ምስ ካልእ ሰብ ተዛሚዳ ምንባራ ድዩ ኣሻቒልካ ዘሎ?

ሕጂ'ውን ደጊመ ንድሕሪት ክመልሰካ'የ። እዛ መርዓትካ ኮይና ዘላ ጓል ምሳኻ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኸውን፡ ቅድሚ መርዓ ክኸውን ዘይነብሮ፡ ኣብ ናይ ዕርክነት ግዜኹም ጾታዊ ርክብ ከም ዝነበረኩምን ንኸይትጠንስ መከላኸሊ ከኒና ትጥቀም ከም ዝነበረትን ሓቢርካኒ ኣለኻ። ምስቲ ቅድሚኻ ዝነበረ ወዲ ከምዚ ምስኻ ትገብሮ ዝነበረት ጾታዊ ርክብ ነይሩዋ ኢልካ ትጥርጥራ ዲኻ?

ደዋሊ፦ ንሳ ቅድመይ ካልእ ዓርኪ ከም ዝነበራ፡ ብሰንኪ ቁጠባዊ ኵነታቱ ንሓዳር ድልው ስለ ዘይነበረ፡ ንእኡ ገዲፋ ንዓይ ሕራይ ከም ዝበለት'ያ ትዛረብ። ብጓላ ጸኒሓትኒ ኢለ'ኳ ዝኣምን እንተ ዘይኮንኩ፡ ንሳ ግና "ብጀካኻ ምስኡ ዝኾነ ኣይገበርኩን፡" እያ ትብለኒ።

ኣማኻሪ፦ ብጓላ ከም ዘይጸንሓትካ ዘተኣማምን ጉዳይ ኣለካ ድዩ? ወይሲ ምስ ካልእ'ውን ስለ ዝዞረት ከምዚ ምሳይ ትገብሮ ዘላ ምስኡ'ውን ትገብር ነይራ ዝብል ባዕላዊ ሓሳብ'ዩ?

ደዋሊ፦ እታ መጀመርታ ብሓሳብ ዝሓደርናላ ለይቲ መስተ'ውን ቁሩብ ደፊአ ስለ ዝነበርኩ፡ ተኣማሚነ ጸኒሓን ኣይጸንሓትንን ክብል ኣይክእልን'የ።

እዛ ሕጂ ከኒና "ከይነገርክኒ ንምንታይ ኣብ ቦርሳኺ ጸኒሑ?" ምስ በልክዋ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ዘረበአ ባህ ዘይበለኒ፡ "ብኻ ምስኡ ቀጺለ ነዓይ ገዲፍኪ ኣይትቐስንን ኢኺ ኢሉኒ፡" ዝብል ዘረባ ኣውጺኣ ነይራ። ኣነ ድማ ብቐደሙ ኣይኣመንክዋን። ሕጂ'ውን እዛ ዘረባ ስለ ዘምጽኣት፡ ብጓላ ስለ ዘይነበረት ዶኾን ትኸውን ምስኡ ተወዳድረኒ ዘላ ዝብል ሓሳብ ተማላሊሱ ቅሳነት ስለ ዝኸልኣኒ ንኽኣምናን ምስኣ ብሓዳር ክቕጽልን የሰክፈኒ ኣሎ።

ኣማኻሪ፦ መሓሪ እቲ ከኒና ስለምንታይ ኣብ ሳንጥኣ ከም ዝጸነሐ ሓቲትካያዶ ትኸውን?

ደዋሊ፦ እወ ሓቲተያ። ኣብ ገዝኣ ገዲፋቶ ክትመጽእ ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ፡ ምናልባት'ውን የድልየና ይኸውን'ዩ ኢላ ከም ዘምጽኣቶን ከም ዘይተጠቐመትሉን'ያ ሓቢራትኒ።

ኣማኻሪ፦ እቲ ከኒና ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ኮይኑ፡ "ቅድሚኻ ምስ ካልእ ሰብ'ውን ጾታዊ ዝምድና ነይሩዋ'ዩ። እምንቲ ኣይኮነትን" ዝበልካ ዘሎ ሓሳብ ከይፈታሕካ፡ ኣብ ሓዳር ስለ ዝኣተኻ ምቕሳን ሲኢንካ ዘለኻ። እቲ ብሓጕስን ምዝንጋዕን ክትሕልፍዎ ዝግብኣኩም



ግዜ ሕጽኖትኩም ድማ እንሆ ሰላም ሲኢኑ። ክቕጽል ድየ ኣይቅጽልን ብዝብል ሓሳብ ተሸጊርካ ሕጽኖትካ ብሻቕሎት ተሕልፎ ዘለኻ። እስከ ሕጂ፡ ብቕንዕና ክትምልሰለይ ዝጽበያ ሕቶ ክሓተካ። ንስኻኸ ቅድሚኣ ጾታዊ ርክብ ፈጺምካዶ ትፈልጥ?

ደዋሊ፦ እወ። ሓቂ ይሓይሽ እዘወር ነይረ'የ።

ኣማኻሪ፦ ኣብ ሕብረተሰብና ከም ሒማ ዝመስል የለን'ዩ ዝበሃል። ወለድና ብንኣሽትኦም ይምርዓው ስለ ዝነበሩ መብዛሕትኡ ግዜ መጀመርታ ጾታዊ ዝምድናኦም ኣብ ሓዳሮምን ኣብ ሒመኦምን ስለ ዝነበረ'ዩ፡ ከም ሒማ የለን ኢሎም ዝምስሉ ዝነበሩ ዝመስል። ቅድሚ 1995 ኣብ ኣሜሪካ ዝተጻሕፉ ብገለ ተመራመርቲ ስነ-ሕብረተሰብ ዝገበርዎ መጽናዕቲ ከም ዝሕብርዎ፡ ቅድሚ ሓዳር ጾታዊ ዝምድና ዝጀምሩ መንእሰያት፡ ኣብ ሓዳር ምስ ኣተው እቲ ኣብ ሓዳር ክኸውን ዝነበሮ ጾታዊ ዝምድና ኣቐዲሞም ስለ ዝወድእዎን ስለ ዝዞሩን ዕግበቶም ከም ዝጕድልን ተጠራጠርቲ ከም ዝኾኑን ከም ሳዕቤኑ ድማ ናይ ምፍታሕ ዕድሎም ከም ዝዓብን'ዩ ዝሕብር።

ዝኾነ ኮይኑ ካብቲ ኣብ ጽሑፋት ዘሎን ወለድና ኣቐዲሞም ዝመስልዎን ኣይወጻእካን ዘለኻ። ስለዚ ሕጂ'ውን ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ "ብጓላ ኣይጸንሓትንን" ዝብል ዘየረጋግጸካዮ ሓሳብን ንስኻ'ውን ከም ሰብ መጠን ከምቲ ዝበልካዮ ቅድሚኣ ከም ዝዞርካን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክትሓስብ ኣለካ። ጌና ሕጂ ኣብ ሕጽኖት ሰሙን ኢኹም ጌርኩም ዘለኹም። እቲ ሓቀኛ ባህርያትኩም እትፋለጥሉ ግዜ ጀሚርኩሞ ኣለኹም። ሓዳር፡ ከም ኵሉ ማሕበራዊ ዝምድናታት ጽቡቕን ሕማቕን ዘለዎ'ዩ። ለማጽን ጥዕሙን ጥራይ ኣይኮነን። ስለዚ ንኣእምሮኻ ናይ ሕጽኖት ግዜ ብዕምቀት ትላለይሉ፡ ጽቡቕን ሕማቕን ጕድንታትኩም ትፈልጥሉ፡ ንመጻኢ መደባት ሓዳርኩም እትዝትይሉን ግዜ ክኸውን ከም ዘለዎ ክተእምን ኣለካ። ልዕሊ ኵሉ ግና ባህርያት ብዓልቲቤትካ ጽቡቕ ጌርካ ፈሊጥካ ንኹሉ እንተታት ኣወጊድካ ብጽቡቕን ክፉትን ምብህሃል ኢሂን ሚሂን ኢልካ ክትርድኣን ይግባእ።

ንሳ ድማ በቲ ዝሃበትካ መልሲ ግሉጽነት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ'ያ ትመስል። ስለዚ እዚ ሕጂ ኣብዛ ናይ ሓጐስ ግዜኹም ተተመላሊሱ ዘሸግረካ ዘሎ ሓሳብ፡ ቅድሚ መርዓኹም ኣጸቢቕካ ክትሓስበሉን ውዱእ መልሲ ክትረኽበሉ ዝነበረካ ጉዳይ'ዩ። ሓዳር ኪንዮ ዕርክነት ቁምነገር ስለ ዝኾነ ካብ ድሌታት ናይቲ ቅድሚ ሓዳርኩም ዝጀምርክሞ ጾታዊ ዝምድናታት ወጺእካ ትሓስብ ስለ ዘለኻ፡ ጌጋ ውሳኔ ከም ዝወሰድካ ይመስለካ ኣሎ። እዚ ድማ ንዝምድናኹም ካብ ሃነይነይታ ሰጊሩ በቲ ክኸውን ዘለዎ ውድዓዊ መገዲ ብዕቱብነት ክትሓስብ ስለ ዝጀምርካ'ዩ። ስለዚ ንኣሉታውያን ሓሳባት ብእወታውያን ክትቅይሮም ፈትን። ንኣብነት ብዛዕባ ድንግልና ዘመጻኣካ ዘሎ ሓሳብ ንስኻ'ውን ድንግል ከም ዘይኮንካ ንነስብኻ መልሰላ። ቅድም ንነብስኻ ይቕረ በልን እምነት ዘለዎ ሓዳር ክሕልፍ'የ ኢልካ ሕሰብ። ደሓር ከኣ ነቲ ብሓሳብ እምበር ብግብሪ ዘየረጋገጽካዮ ጥርጣረ ብዓልቲቤትካ ነጺግካ፡ ብእወታዊ ሓሳብ ለውጦ። ብዝተኻእለ መጠን ነጻ ኴንካ ኣዕልላንን ሃናጺ ሓሳባት ኣካፍላን ኣፍቅራን። ንሕጽኖትኩም ድማ ኪንዮ ግዝያዊ ስምዒት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሓሳባት፡ መጻኢ መደባት፡ ክትወልድዎም ትደልዩ ቈልዑን ክትመርሕዎ ትደልዮ ህይወትን ካልእን እናኣዕለልኩምን ክተሕልፍዎ ጸዓር። ኣብ መወዳእታ ግና ሓዳር ናይ ናይ ምክእኣልን ምዕጋስን ህይወትይ ስለ ዝኾነ ንኹሉ ሓሳባትካን ውሳኔታትካን ብኹሉ መዳያት ክትፍትሾም ይግባእ።

ደዋሊ፦ ስለ ተገዲስካ ምስማዕካን ዝሃብካኒ ሰፊሕ ሓሳባትን ኣመስግን። ካብ ካልኣይ ጌጋ ይሓልወኒ። ህድእ ኢለ ክሓስብን ንነገራት ብኹሉ መዳያት ክስተብህለሎም ክፍትን'የ። የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፦ ገንዘብካ መሓሪ። ሰናይ ሕጽኖትን ጽቡቕ ናይ ሓዳር ህይወትን እምነየልኩም። ብሩኽ ምሸት።

ደዋሊ፦ የቐንየለይ። ብሩኽ ምሸት።

ሪፖርታዥ

# መደባት በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ

ኣሕመድዳኒ መሓመድ
(ኣ/ዜ/ኤ - ደ/ቀ/ባሕሪ)

ናጽነት ክብርቲ እያ። ከምቲ ርዙት ክብራ ጠለባውን ክቡር እዩ፤ ትንፋስ ምንባር ስለዘኽፍት እያ እምበኣር ህይወት እተኽፍሉ። ኣብ ዓለም ክብሪ ናይ ዝኾነ ነገር ብመጽር እቲ ንኽትረኽቦ እትኽፍሎ ዋጋ እዩ ዝሰፍሮ። እንተስ ብቓልሲ እንተስ ብጻሕ መንገዲ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት ብዙሓት እየን። ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ዕለተ ናጽነቱ ብልዑል ሓበን ዘብዕድ እንተሎ ግን ውሑድ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። መንቀሊ ናይዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ኣብ ዕለተ ናጽነቱ ዘንጸባርቖ ምሕር ሓጎስን ሓያል ሃገራዊ ወንን ድማ እቲ ንስለእ ዝኸፈሎ ብዙ ዝኸፍሎ መልክዕ ክትመን ዘይክኣል ረዚን ዋጋ እዩ።

“መስመርና ደርዓና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ጽንብል መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ እቲ ናጽነት ንምምጻእ ዝተኻየደ ቃልስን ኣብቲ ጽንኩር፡ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ዝተኸሰቱ ክብርታትን በቲ ሓደ፡ ንቴማ ጽንብልን ተኣትዩ ዘሎ መድረኸን መድረኻዊ ዕማምን ዘብርህን ዘንጸባርቑን ክኸውን በቲ ካልእ፡ ቀዳሚ ክልተ ኣዋርሕ ኣብሉ እዩ ምድላዋት ጀሚሩ። ኣብ 30 ምምሕዳር ከባቢታት ዝርከብ ህዝቢ እኽሉማይ ኣዳልዩ ዳሳት ተኸሉ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሓቢሩ ብድሙቕ ኣገባብ ጸንቢሉዎ። ኣብዚ ከይተሓጽረ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባታት'ውን ድሙቕ ጽንብል'ዩ ተኻይዱ። በዚ መሰረት፡ ንኡስ ዞባ ኣራእታ ኣብ ሓውሲ ከተማ ጠያ ብ17 ግንቦት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ኣብ ሓውሲ ከተማ ዕዲ፡ ብ19 ግንቦት ብደረጃ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ድማ ብ20 ግንቦት ኣብ ሓውሲ ከተማ ጠያ ክጽንበል ከሎ፡ ምምሕዳራት ከቢ ከተማ ዓሰብ ማለት ዓሰብ፡ ብሌን ኮማን ሸኻይቶን ብ22 ግንቦት መደብ ኮማዊ ዳሳት ብምዕሩግ ኣገባብ ኣካይደን።



እቲ ፍሉይ ምድላው ዝተገብረሉን ብደረጃ ዞባ ዝቐደን ስነ ስርዓት ወግዓዊ ጽንብል በዓል ናጽነትና፡ ብ23 ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ቀጽሪ ወደብ እዩ ተኻዪዱ። እቲ መደብ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ስለ ዝበረ፡ ህዝብን ሰራዊትን ከቡብ ዘለውዎ ካብ ወጋሕታ ኣትሒዞም እዮም ኣብቲ ቀጽሪ ክኣትዉ ጀሚሮም፡ ኩሎም ዕዱማት በቦታኦም ምስ ሓዙ ልክዕ ሰዓት 5:30 ቅ.ቀ መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ፈሊሙ። ኣብቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ሰልጣን ራሓይታ ዓ/ቓድር ዳወድ ዝርከብዎም ሓለፍትን ብርክት ዝበለ ህዝብን ሰራዊትን ዝተረኸብሉ ድሙቕ ጽንብል፤ ብበሎቓት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፥ ሓይልታት ምክልኻል፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየርን ሓይልታት ፖሊስን ዝተሃንጸ ምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ናይ ዝዘወራ ፈጣናትን ልምዳውያንን ጀላቡ ምርኢት፡ ንትርጉምን ርዙትን ናጽነት ዝገልጹ ስነ ጥበባዊ መሳናድታትን ቀሪቦም።



ኣብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ናይቲ ዞባ ሓላፊ ምክትታል መደባት ኮሚቴታት መንእሰይ መሓመድ ዒሳ ኣብ ዝቐረቦ ቃል፡ ኣብ 30 ምምሕዳራት ከቢብን 115 ዓድታትን ህዝቢ ዳሳት ብምትካል ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንመዓልቲ ናጽነት ብዝምጥን ልዑል ማዕርግ ከምዘዘበዓለ ብምግላጽ፡ ኣብ ምድማቕ ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ ተራ ትካላት መንግስትን ውልቀ ሰባትን ብሓፈሻ፡ ስነ ጥበባውያን ድማ ብፍላይ፡ ዕዙዝ ስለዝበረ በቲ ኢጋጥሚ ስለቲ ኣበርክቶኦም ንኹሎም ኣመስጊኑ።



ኣማሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝ ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ኤርትራውያን ዝኸበረት ዕለት ጋህዲ ንምግባር፡ ዝተኸፍለ ዕድላትን ሕልምን ብኣውራኡ ከኣ ዝተኸፍለ ሂወት ብሉጻት ዜጋታት እልቢ ከምዘይብሉ ብምሕባር፡ እዚ ኣብ ዕለተ ናጽነት ዝረአ ልዑል ሓጎስን ደስታን ንምርካብ ዘሕለፎ ማስገደል ካብ ምፍላጥ ከም ዝቅል ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ካብ ሓርነታዊ ቃልሲ ብዘይንእስ ማሰኻሕላት ዝገጠሙና እኳ እንተኾኑ፡ ሳላ'ቲ ኣብ ገዛእ ነብስና ክንትኣማመን፡ ሓብራዊ ረብሓን መረዳእታን ክንፈጥር፡ ኣንፈቱን ፍጥነቱን ከይማረረ ዘኽኣለና ቅኑዕ ማስመርና ግኑ ካብ ሓደጋ ገዕዞ ከይወጻእና ክንምርሽ ከም ዝበቓዕና ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብቲ ዞባ ህዝቢ ተጠቃሚ መሰረታዊ ማሕበራዊ







ኣገልግሎታት ክኸውን ብሓፈሻ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ካብን ናብን ዘራኽብ ጽርግያታትን ክህልዎ ልዑል ጻዕሪ ከምዝተገብረን ተረኺቡዎ ዘሎ ወጻኢት ቀሊል ከምዘይኮነ፤ ብዘይዳ ግን ኑቶም ኣገልግሎታት ንምስፍሖምን ምዝማናምን ዝተበገሰን ኣብ ማሰርሕ ዘለውን ብቐንዱ መቱበሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ተዋሂቡ ዘሎ ልዑል ቆላሕታን ብምምልካት ዝርዝራዊ መብርሂ



ሂቡ።

ድሕሪ እቲ ንኣስታት 2 ሰዓታት ዝቐጸለ ስነ ስርዓት ጽንብል፡ ኣብ ቀጽሪ ራስ ጎንቦ ክሳብ ዕለተ ምሕራር ከተማ ዓሰብ ማለት 26 ግንቦት ዝቕጽል ናይ ፈስቲቫል መልክዕ ዝሓዘ መደባት በዓል ናጽነት፡ ብወግዒ ተኸፊቱ። በዚ መሰረት ኣማሓዳሪ ዞባን ኣዛዚ እዚ ምብራቕን ሪቫን ብምቑራጽ ከፊቶሞ። ብምምሕዳራት ከቢብን ትካላት መንግስትን ውልቅን ተዳልዩ ንዘበረ ምርኢት ድማ ተዓዚቦም።

ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ፈለማ መግዛእቲ ጥልያን ዝኣተወላ ኣፍደገ ኮይና፡ ድሕሪ ተኸታተልቲ መግዛእትታት፡ መግዛእቲ ካብ ሃገርና ሓንሳብን ንሓዋሩን ተጸራሪጉ ዝወጸላ ኣፍደገ እውን እታ ከተማ እያ። ጸላኢ፡ ኑቲ ዘጋጠሞ ስዕረት፡ ዓሰብ ኣብ ኢዱ ብምትራፍ ከኩሓሕስ ብምሕሳብ፡ ዘለዎ ሓይሊ ኣኻኺቡ ካብ መጥቃዕታት ህዝባዊ ሰራዊት ክከላኸል እኳ እንተፈተነ፡ ካብ ምድምሳስ ግን ኣይደሓነን። በዚ መሰረት ወደባዊት ከተማ ዓሰብ ድሕሪ ርእሰ ከተማና ኣስመራ ብ26 ግንቦት እያ ሓራ ወጺኣ።

ብዚ ምኽንያት እዩ እምበር፡ ዓመት-ዓመት ጽንብል መደባት በዓል ናጽነት ክሳብ 26 ግንቦት ማለት ዕለተ ምሕራር እዛ ከተማ ኣብ ቀጽሪ ራስ ጎንቦ ዝቕጽል።

ህዝቢ ከተማ ዓሰብ ድማ ነዛ ዕለት ብልዑል ሃንቀውታ እዩ ዝጽበያ። ሰድራ ቤታት ደቆም ኣሰንዮም፡ መንእሰያት ምስ መዛኑኦም ኮይኖም ክቱብ ከቢቦም ናብዚ ቀጽሪ ክውሕዙ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ እቲ ቀጽሪ ኣንጸፎም ቡን ክፍልሑ፡ ኣብቲ ቀጽሪ ካብ ዝተተኸለ ወሃብቲ ኣገልግሎት መግብን መስተን እናተቐደሱ ክዘናግዑ፡ ኮታ ሓጎስን ደስታን ዝዓሰሎ ቅንያት ከሕልፉ ክትርእዮ ዝፈጥሮ ባህታ ዓቢ እዩ።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብቲ ቀጽሪ ዝተዳለዉ መደባት፡ ንሃንቀውታ ነጋድያን እቲ ቀጽሪ ዝምልሱ፡ ፍልጠትን ንቕሓትን ዘሰንቕ ኮታ ዘስተምህርን ዘዘናግዕን ክኸውን ብቑጻሊ እዩ ዝሰርሕ። ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ጽምብል፡ ትካላትን መንግስትን ውልቅን ትሕዝቶኦን ዘቕርብሉ ቋሸት ምርኢት ኤግዚብሽን፡ ምምሕዳር ከቢብታት ከተማ ዓሰብ ዝተዳለወ ቋሸት ደኮና ኣብይቲ፡ ቋሸት ህጻናት፡ 11 ጉጅለታት ባህሊ በብእብረ ምርኢት ዘቕርብሉ መድረኽን ካልእን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብዚ ቀጽሪ ክእንገዱ ከለዉ፡ መዓልታዊ ብዘተፈላልዩ ሰራሕ ናብቲ ቀጽሪ ልዕሊ 500 ዓቕሚ ሰብን ምስ ወለዶም ዝኣትዉ ቆልዑን ከይተሓወሱ ልዕሊ 21 ሽሕ ህዝቢ ከምዝዘገዶ ጸብጻብ ናይታ ሽማግለ ይሕብር።

ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዙሳትፎ ኣሽሓት ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብምዕሩግ ኣገባብ እዩ ተሰላሲሉ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

መርሃዊት ብርሃ ሃይለ፡ ስም ኣደይ ቅዱሳን ሰመረ ጉብረዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ቅዱሳን ሰመረ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/25 ኣብ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣማንኤል ሃይለ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ ኢያሱ በየነ ወልደኣብዝጊ፡ ናይ ክፍሊት ክራይን ትካል ንግዲ ምልቃቕን ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/25 ኣብ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደባርዋ

ኣቶ መሓሪ በርሀ ተወልደብርሃንን ወ/ሮ ብርኽቲ ጉብረመድህን ባዩረን ወድና ኣቤል መሓሪ በርሀ ስለዝተሰወኦ፡ ስለዝይተመርዓወን ዘይወለደን ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሰስቲ ወረ/ነ/መብራሀቱ ጉብረስላሴ ወኪል ሳባ ጺጋይ፡ ንወረስቲ ነ/ሄር መብራሀቱ ጉብረስላሴ 1.ዘፋን መብራሀቱ 2. ነ/ሄር ከሰተ መብራሀቱ 2.1 ኣዜብ ከሰተ 2.2 ሰላም ከሰተ 2.3 ሰምረት ከሰተ 3. ወረስቲ ነ/ሄር ርሻን መብራሀቱ ጉብረስላሴ 3.1 መንግስትኣብ ጉብረሚካኤል 3.1 ሰለሙን ተኽለ 4. ነ/ሄር ኣበበ መብራሀቱ 4. ፊሊሞን ኢሳቕ 4.2 ፍረወይኒ ኢሳቕ 4.3 ተመስገን ኢሳቕን ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይምነ

ኣቶ ተሰፋሂወት ፍትዊ፡ ወለድና ፍትዊ ኣብርሃ ዞማርያምን እልፈይ በርሀ ጉብረየሱስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ወረስቶም ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

፣ እድሪስ ዓሊሕሰን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ሃዋ ዐሰማን ረቢ፡ ወደይ ዓብደልቃደር መሓመድ ስለዝተሰወኦ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሮኽረጼን ጉብረመስቀል ኪዳ ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ጉብረመስቀል ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሓጅ መሓመደ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ መሓመደኑር መሓመደ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጥና ዓሊ ሓምድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥማ ዓሊ ሓምድ በርጋይ ተባሂሉ ይተኣረመልይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

ዓሻ ዓረፈ ጅምዕ ምባል ተሪፉ፡ ሓያት ዓረፈ ጅምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ሌተናል ኮሎኔል ጉብረመስቀል ኪዳ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዝቃብርኩምናን ጉዳና ብምምልላስን ካብ ወጻኢን ውሽጢ ሃገርን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን እናኣመስገና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና እናዓጸና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ፍረወይኒ ብርሃ፡ ምስ ደቀይ
የዋና ጉብረመስቀል፡ ዩኤል ጉብረመስቀልን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን፡፡

ወ/ሮ ራህዋ ኣስገዶም መብራሀቱ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሓ መኪና ንግዳዊ ትካለን "ተመስገን መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሓ መኪና" (TEMESGEN AUTO SPARE PARTS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቐሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሰጣዊ ንግዲ

ወ/ሪት ሕብረት ዘርኣብሩኽ በራኺ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው ንግዳዊ ትካለን "ቤትኤል ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው" (BETIEL IODATED SALT) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቐሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሰጣዊ ንግዲ

### ምልክታ ጨረታ

ቤት ጽሕፈትና ማለት ጨን/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝለዋ 18 ኣየር ኮንድሽን - ካብዚኣን 13 ፍቖዲ Split air-condition ኮይነን ዝተረፋ 05 ፍቖዲ ድማ Window air-condition ኮይነን ዝኣን ሓፈሻዊ ጽገና ንምኪያድ ስለ ዝመደብና፡ ናይ ጽገና ብቕዓት ዝለኩም ሞያውያን ነጋዶ ንጨረታ ንዕድም፡፡

ሞያውያን ነጋዶ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ ከምዚ ደስዕብ እዩ

ናይ 2024 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድ /ልቸንሳ/ የቕርቡ፡፡
ካብ ግብሪ ነጻ ዝብል ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ሰነድ የቕርቡ፡፡
መኽበሪ ጨረታ ናይ 10.000.00 ናቕፋ ብCPO የቕርቡ፡፡
ነባርነትን መንነት ብፎቶኮፒ የቕርቡ፡፡
ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል መውዳደሪ ሰነድ ይወስዱ፡
ጨረታ ዝጸንሓሉ መዓልታት፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ መዓልቲ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ሳንዱቕ ጨረታ ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ተጫረትቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት፡፡
ጨረታ፡ መምርሒ ሚ/ፋይናንስ ኣሃዱ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ይፍጸም፡፡
ንያዳ ሓበሬታ ብቑ/ቴሌፎን 08534008 ወይ 541273 ምውካስ ይከኣል፡፡
ቤት/ጽ/ጨን/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤት ጽሕፈት ጨን/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ

### ምልክታ

ዛኮር ምፍራይ ጨው ሓ.ዝ.ብ.ማ ኣጅፕ ባጽዕ ከምዚ ዝስዕብ ናይ ኣቦ ወንበር፡ ጸሓፊን ተሓዚ ገንዘብን ምቅያር ገይሩ ኣሎ፡፡
ኣቦ ወንበር———————— ኣቶ ታደሰ ተስፋገርግስ
ጸሓፊ———————— ኣቶ ሚካኤል ዑቕባይ ሃይለ
ተ/ገንዘብ———————— ኣቶ ጊላሚካኤል ተስፋማርያም
ብዘወሃኺ ናይ ዝሞቱ ኣባላት ተተኪኦቲ ወረስቲ እንተልዮም ክምዝበጡ ምእንቲ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ውርሲ ሰነድ ሒዞም ኣብ ማሕበር ክምዝበጡ ይሕበር፡፡ ናይ ዘየለዉ ኣባላት እውን መልሲ ኣሎኒ ዝብል እንተልዩ ይቕረብ፡፡

ዝተኣረመ ዝርዝር ኣስማት ማሕበር እዞም ዝስዕቡ እዮም

| ተ/ቁ | ስም | ብርኪ |
|---|---|---|
| 1 | መሓሪ ሱባ | 4 |
| 2 | ጺጋይ ማሓሪ | 4 |
| 3 | ክንድያ ገብሩ | 4 |
| 4 | ብርሃነ ተወልደ | 4 |
| 5 | ገብራኣብ ገብሩ | 4 |
| 6 | ለምለም ገሬ | 4 |
| 7 | ዑስማን ዓብደላ | 4 |
| 8 | መድሃኔ ተስፋማርያም | 4 |
| 9 | ጊላሚካኤል ተስፋማርያም | 4 |
| 10 | ጅምዓ ዑመር | 4 |
| 11 | ሳልሕ ዑመር | 4 |
| 12 | ንጉስ ክፍሉም | 4 |
| 13 | ኣሰፋው እምባየ | 4 |
| 14 | ተኽሊት ግርማጽዮን | 4 |
| 15 | መሓመድ ዳውድ | 4 |
| 16 | መሓመድ ስዒድ | 4 |
| 17 | ኣብራሃ ገብረገርግስ | 4 |
| 18 | ሚኪኤል ዑቕባይ | 4 |
| 19 | ተኽላኣብ ተስፋማርያም | 4 |
| 20 | ካሕሳይ ዓንደማርያም | 4 |
| 21 | ተስፋጋብር ገብረማርያም | 4 |
| 22 | ብርሃነ ገብረማርያም | 4 |
| 23 | ሱሌማን ዓሊ | 4 |
| 24 | ይርጋኣለም ገብረሊባኖስ | 4 |
| 25 | መሓመድ ኣልኣሚን | 4 |

| ተ/ቁ | ስም | ብርኪ |
|---|---|---|
| 26 | ክብራ ተወልደ | 4 |
| 27 | ተኽለ በርሀ | 4 |
| 28 | ወልደገብሪኤል ሃይለ | 4 |
| 29 | ስላስ ዑቕባይ | 4 |
| 30 | ታደሰ ተስፋገርግስ | 4 |
| 31 | መሓመድ ዓጣመዉላ | 4 |
| 32 | የማነ ባህታ | 4 |
| 33 | ዓሊ ማሓመድ | 4 |
| 34 | ትዕበ ኣብራሃ | 4 |
| 35 | ሓምድ ስዒድ | 4 |
| 36 | ኪዳነ ኣብራ | 4 |
| 37 | ኣራፋይነ ገብሩ | 4 |
| 38 | ግርማይ ኣብራሃ | 4 |
| 39 | ካሕሳ ታደሰ | 4 |
| 40 | ቅዱሳን ወልደሚካኤል | 4 |
| 41 | ዑመር መሓመድ ስዒድ | 2 |
| 42 | በርሀ ወልደማርያም | 2 |
| 43 | እልፍነሽ መድሃኔ | 2 |
| 44 | ግደይ በይን | 2 |
| 45 | እዮብ ተስፋይ | 2 |
| 46 | ኣሕመድ ጻዕዳ | 2 |
| 47 | ሸምባሕሪ መሓረና | 2 |
| 48 | ዓበ ሓሰብ | 2 |
| 49 | ወይኒ የማነ | 2 |
| 50 | በራኺ ዘርእዝጊ | 2 |

ለ. ዕላማ ማሕበር ጨው ኣፍሪካ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ምሻጥ፡፡
ሐ. ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ዕዮ ማሕበር ኣብ ከተማ ምጽዋዕ፡፡
መ. ርእሱማል ማሕበር 18000.00 ናቕፋ ዋጋ ሓደ ብርኪ ናቕፋ 100.00 ኮይኑ ፡ 180 ዝተማቓቐሉ ብርኪታት ኣለዉ፡፡
ሰ. ዕድመ ማሕበር ንዘይተወሰነ ግዜ፡፡

ዛኮር ምፍራይ ጨው ሓ.ዝ.ብ.ማ ኣጅፕ ባጽዕ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Supervisor Boilermaking**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite For 2years**

**Major Duties and responsibilities**

• Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a boiler making Maintenance team who will deliver quality maintenance services to fixed plants. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
• The role will organize day-to-day workshops and maintenance activities. Furthermore, the incumbent will oversee and inspect boiler making/Steel repair maintenance works to ensure safe and effective repair and servicing fixed plant equipment.
• This person will report to the Process Plant Maintenance Supt. and assist with various administrative and management functions.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

• Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
• Responsibly handling emergency situations or after-hours calls for repair and maintenance
• Taking part in developing maintenance policies and standards for the organization
• Able to develop complex steel structures, i.e. pipe bends, chutes etc.
• Planning daily tasks and delegating them to Maintenance boilermakers and other professionals
• Routinely inspecting various elements of structural steel elements.
• Keep in check and regulate budget and track maintenance expenditures.
• Regularly check and inspect the material and tools inventory and place orders when needed.
• Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
• Perform periodic inspections of structural steel in the plant and all pipe/chute work to observe the quality of the maintenance performed and the operating condition of structure.

**Profile: Qualifications and Experience**

Formal Education, Certifications or Equivalents
• Technical college Boiler making/ Welding Diploma ( preferably 4 years)
• International recognized trade certificate Boilermaker/ Welder
Working Experience – Nature & Length
• 5 years' experience as a Process Boilermaker Maintenance Supervisor
• Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.
• In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.
• Ability to co-ordinate shift crews and effectively manage shifts
• Comply with all HS&E policies, procedures and instructions.
• Experience working in Africa
Technical Skills • Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells structural steel, pipes and chute work.
• Train and develop local staff
• Analytical skills & Decision-making skills
• Plan, organize and execution skills
• Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills
• Valid Driver's License
Behavioral Skills
• Safety leadership by example
• Strong Supervisory skills.
• Ability to work in developing countries
• Good Interpersonal skills
• Demonstrated team building and mentoring skills
• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

**General Information and other requirements:**

• **Place of Work:** AMSC Site
• **Type of contract:** Definite Period
• **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**


• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

• **Address: Please mail your applications to;**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
• **Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**
• **Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**


## ሓራጅ

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ሸዊት በየን ምስ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣማኑኤል ሓጎስ፡ ናይ ክልቲኦም ብጽሒት ገዛ ክምቀል ስለ ዘይክኣል፡ ተሰማሚዖም ክማቐሉ ስለ ዘይክኣሉ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምምሕዳር ከበቢ ኣምሀር ዝርከብ ብሓራጅ ክሽየጥ ስለ ዝተኣዘዘ፡ ኣብ 200 ት/ሜትሮ ዝተደኮነ ክልተ ቀንዲ ክፍልን ሓደ ሓጋዚ ክፍልን ዝሓዘ፡ ብሸኢላ መግንደስ 259.063.07 ናቕፋ (ክልተ ሚእትን ሓምሳን ትሽዓተን ሽሕን ሱሳን ሰለስተን ናቕፋን 0.7 ሳንቲምን) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብዚ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ኣብ ዘሎ 7 መዓልታት ጀሚሩ ናይቲ ክወዳደረሉ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብምጥቃስ ኣብ ዝተዳሸገ ፖስታ ብምምዕር ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ኣብ ዝተዳለወ ዕጽው ሳንዱቕ የእትዉ፡፡ ኣብዚ ናይ ዕለት ሓራጅ ናይ ዝተዋህበ ግምት ዋጋ ገንዘብ ሃደ ርብዒ (1/4) ብስም ፈጻሚ ፍርዲ መንደፈራ ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ መንደፈራ c.p.o ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንኪ በክ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 17/06/2025
ሰዓት ሓራጅ፦ ካብ 8:00-9:00
ቦታ ሓራጅ፦ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መንደፈራ ቁጽሪ 3



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ማርሰልን ደብዳበታትን

## ራብዓይ ክፋል


## ጽውጽዋይ

ኣብ ቅድመኣም፡ መበል ዓሰርተ ሓሙሽተ - እታ ባቡር ደው እትብለሉ መቖምያ ነበረ። እታ ባቡር ደው ኣብ ዝበለትሉ ከኣ ሄንሪ ብታህዋኽ ከይበጽሑ ከለዉ ኑቲ ቦታ ዝኸድዎ ዝነበሩ ስለዘይፈልጦ፡ “ሀ ንኺድ ንውረድ፡” እናበለ ንማርሰል ይህውኾ ነበረ። እንተኾነ ኣብቲ ማርሰል ዝሓሰቦ ቦታ ገና ስለ ዘይበጽሑ፡ ማርሰል ትም ኢሉ፡ ክሳብ ደው ብምባል እንደገና እትብገስ ይዕገስ ነበረ።

ድሕሪ ናይ ገለ ደቓይቕ ጉዕዞ ኣብቲ ዝደለይዎ ቦታ በጽሑ። ክልቲኦም ወረዱ እሞ፡ ማርሰል ንየማን ንጸጋም ጠመተ። “ሕጂ ድኣ ናበይ ኢና ከነብል?” በለ ማርሰል።

“እንድዒ!” መለሰ ሄንሪ፡ ንሱ’ውን ንየማን ንጸጋም እናጠመተ። ኣብቲ ጉደና ብዙሓት ታቤላታት ነበረ። ሃንደበት ግን ሄንሪ ክምስ በለ።

“ማርሰል ረአ እቲ ሰማያዊ ታቤላ



‘ኮንኮርድ’ ይብል ኣሎ፡” ኩብል ሄንሪ ተዛረበ።

“ሕጂ ግርም!” በለ ማርሰል’ሞ ናብ ሰዓቱ ተመልከተ። ሰዓት 7፡10 ከኣ ኮይኑ ነበረ። ማርሰል፡ “ንኺድ፡” በለ እሞ ናብኡ ገጾም ጕየዩ።

ሄንሪ፡ ደድሕሪ ማርሰል እናጕየየ፡ “ሕጂ ነታ ኳል ምስ ረኺብናያ እንታይ ኢና ክንገብር?” ቀጺሉ ከኣ፡ “ነቲ ደብዳበ’ኸ ብኸመይ ካብኣ ክንወስዶ ኢና?” በለ።

ማርሰል፡ “ደሓን ትም ኢልካ ጥራይ ንዓናይ፡” በሎ።

ኣብ ኣፍ-ደገ ናይቲ ክፍሊ በጽሑ። ማዕጾ ናይቲ ‘ኮንኮርድ’ ዝብል ታቤላ ዝነበሮ ክፍሊ ከኣ ተዓጽዩ ነበረ። ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ ኣፍ-ደገ ኮፍ በሉ።

ድሕሪ ናይ ደቓይቕ ትጽቢት፡ ክልተ ዓበይቲ ቦርሳታት ዝተሰከሙ ሰብኡት መጽኡ’ሞ፡ ነቲ ማዕጾ ከፊቶም ንውሽጢ ኣተዉ። ማርሰልን ሄንሪን’ውን ደድሕሪኦም ሰዓቡ።

ማርሰል፡ ነቶም ኣብቲ ገዛ ዝነበሩ ሰባት በብሓደ ክጥምቶም ጀመረ። ኣተኩሩ እናተዓዘበ ድማ፡ “ኣበይ ድኣ ኣላ ወደይ?” ኢሉ ሓተተ።

ሄንሪ፡ ክርእያ ስለ ዘይከኣለ፡ “እንድዒ፡” ብምባል መለሰሉ።

ጽንሕ ኢሉ፡ “እንሀለት፡” ማርሰል ተዛረበ።

ሄንሪ’ውን ረኣያ እሞ፡ “ንሳ እያ፡” ወሰኸ። እታ ኣመሪካዊት ጓል ኣብ ኮርሲ ኮፍ ኢላ ምክማና እናሰምዐት ጋዜጣ ተንብብ ነበረት። ቦርሳኣ ከኣ ኣብ ትሕቲኣ ኣብ መሬት ተቐሚጡ ነበረ።

“በቃ ሕጂ ንኺድ፡” በለ ማርሰል። ካብ ካቦቱ ከኣ ንእሽተይ ካራ ኣውጺኡ እሞ፡ ንሄንሪ፡ “ቀስ ኢልካ ደድሕረይ ሰዓብ፡” በሎ። ተመራሪሖም ከኣ ናብቲ ቦርሳ ዝነበሮ ገጾም ኣበሉ። ማርሰል ኣቐዲሙ ከም መርማሪ ገበን ተመሳሲሉ ስራሕ ይሰርሕ ስለዝነበረ ክዕወቱ ምኳኖም ርጉጽ ገይሩዎ ነበረ።

ክልቲኦም ኣብ ቅድሚ ቦርሳ ናይታ ኣመሪካዊት ጓል በጽሑ። ማርሰል ንሄንሪ፡

“ሸሸሸ... ኣብዚ ተጸበየኒ፡” ኢልዎ ናብቲ ቦርሳ ደየበ። ድሕሪ ቍሩብ ካልኢት ከኣ ድሮ ኣብታ ቦርሳ ደይቡ ቀዲዱ ናብ ውሽጢ እታ ቦርሳ ኣተወ። እዚ ኩሉ ክገብር እታ ጓል፡ ሙዚቃ እናሰምዐት ጋዜጣ ተንብብ ስለዝነበረት ክትርእዮ ኣይከኣለትን። ኣብ ውሽጢ እቲ ቦርሳ ምስ ኣተወ ጸልመቶ። ዓይኑ ሰም-ሰም ድሕሪ ምባል ከኣ መጽሓፍ ርኣየ። ድሒሩ ከኣ እተን ዝደለየን ደብዳበታት ናይ ሽክስፒየር ረኸበን።

“ኣዝዩ ጽቡቕ!” በለ ተሓጒሱ። ነተን ደብዳበታት ተሰኪሙ ካብታ ቦርሳ ወጽአ። ሄንሪ ከኣ ንማርሰል ረኣዮ’ሞ ተሓጒሰ። ሃንደበት ድምጺ ናይ ደወል ተሰምዐ። እታ ጓል ከኣ ናብ ሰዓታ ጠመተት። ሽዑ ነታ ምክማና ካብ እዝና ኣልጊሳ ናብ ቦርሳኣ ኩተእትዋ እንከላ ንማርሰል ኣብ ልዕሊ ቦርሳኣ ረኣየቶ።

“እዋእ! እንታይ እዩ ዝርኢ ዘለኹ? ኣናጹ?” ብምግራም ጨደረት።

ማርሰል፡ ነቲ ጥማር ደብዳበታት ናብ ሄንሪ ብምድርባይ፡ “ንህደም፡” ኢሉ ካብቲ ቦርሳ ወረደ። ነቲ ደብዳበ ሒዞሞ ከኣ ናይ ልቦም ናብ ማዕጾ ገጾም ሃደሙ። እታ ጓል’ውን ኩተርክቦም ደድሕሪኦም ሰዓበት። ኣብቲ ኣፍ-ደገ ምስ በጽሑ፡ ሃንደበት፡ ክልተ ሰናጡ ዝተሰከመ ገዚፍ ሰብኣይ ጕፍ በሎም።

ብዓል ማርሰል ብትሕቲ ኣእጋሩ ሰሊኾም ሓለፉ። ምስ ሓለፉ ማርሰል ናይ ዝወደቐ ድምጺ ሰሚዑ ንኽረጋግጽ ናብ ድሕሪት ምስ ጠመተ፡ እታ ጓል ምስቲ ሰብኣይ ተጋጭያ ወዲቓ ረኣያ።

ይቕጽል...

## 24 ግንቦት፡ መሰረት ባህልን ስነ-ጥበብን

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብምኽንያት ግንቦት 24፣ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለየ መደባት ክካየድ ምቕናዩ ዝፍለጥ’ዩ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ እተካየድዎ መደባት፡ ኣፍልጦኹም ኣብ ባህልን ስነ-ጥበብን ኣብ ምብራኽ ዓቢ ተራ እዩ ዝጻወት። ንሎሚ ካብ’ቶም ኣብኡ ዝተዳለዉ ንባህልን ስነ-ጥበባዊ ስራሕን ዘንጸባርቑ ስእልታት ኣቕሪብና ኣለና’ሞ ምስትምቓር ናባኹም። መስመርና ድርዕና!

### ቅድመ ትምህርቲ











### መባእታ











## ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ተመሃሮ፡ ብምኽንያት 24 ግንቦት ናይ ‘ሩቢክስ ኩብ’ ውድድር ዝካየደሉ ዕለትን ቦታን እዚ ዝስዕብ እዩ።

ዕለት፡ 01-06-2025 ቦታ፡ ኣዳራሽ ሃማመተኤ (ጁንዐር ክለብ) ሰዓት፡ 9፡00 ቅ.ቐትሪ

ዘይተመዝገብኩም ተወዳደርቲ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት ቀሪብኩም ክትወዳደሩ ከም እትኽእሉ ንሕብር። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ 07190414 ክትድውሉ ትኽእሉ።

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ፈናንስያዊ ልቓሕ፡ ደቂ ኣንስትዮ ክምዝምዛኦ ዝግብኦ ዕድል

ራእይ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ኩሎም ዜጋታት ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበራዊ ፍትሒ ብማዕረ ዝሰርሑላን ዝረብሑላን ካብ ኣድልዎን ወገንነትን ሓራ ዝኾነት ብልጽግቲ ሃገር ምፍጣር እዩ። ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ዝሰፈሩ ድሙቓት ሃገራዊ ዒላማታት ወይ ሸቶታት'ውን ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ንኹሎም ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ብሕልፊ ድማ ምርግጋጽ መሰልን ማዕርነትን ናይ'ተን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዝብል እዩ። ብርግጽ ድማ፡ ፍርቂ ኣካሉ ንጠልቦ መሰልን ሓርነትን ዘየረጋገጸ ሕብረተሰብ ኣግእዞ ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን'ዩ። ካብዚ እምነትን ዕላማን ብምብጋስ፡ ህዝባዊ ግንባር፡

ብመንጽር ክውንነት ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ኣቃለልካ ዝርአ ኣይኮነን።

ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሓለፎ ባህሊ፡ ሓላፍነት ምእላይ ቆልዑን ናይ ገዛ ስራሕን ናብ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ክድርብ ዘገድድ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ጾር'ዚ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሞያኦን ኣብ ምዕባይ ኮነ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስራሕ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ከይሰጉማ ካብ ዝዕንቅጹ ዘለዉ ረቛሒታት እዩ። ይኹን'ምበር፡ ዝኸ ጸገም'ዚ ስጊረን ኣብ ዓወት ዝበጽሓ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝፈጥርኦ ዘለዋ ናይ ኣመለኻኽታ ለውጢ ኣቃለልካ ዝርአ ኩም ዘይተኻእሉ



ሱታፌ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት፡ ማለት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ልምዓታዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ህይወት ናይዛ ሃገር ንምዕዛዙ፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ግብራዊ መደባት ሓንጺጹ ብዕቱብ ተቓሊሱሉን ሰሪሑሉን እዩ። ብወጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ህንጸት ሃገርን መኸተን፡ ኣብ ጉዳይ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነት ተመዝጊቡ ዘሎ ለውጢ፡

ምምዝዛብ የድሊ።

ሎሚ መብዛሕትአን መሳርሒ ስድራ ቤተንን ንምምሕያሽ ኣብ ስራሕ ዝያዳ ሓርነትተትን ሓላፍነትን ዝወሰዳ ዘለዋ ንኣተን ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብዓብላልነት ዝሰፍሓሉ ዓውድታት ስራሕ'ውን ክርእዩ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ ሓደ ሓደ ዕድላት'ውን ከምኡ። ንኣብነት፡ መብዛሕትኡም ተጠቀምቲ ወይ ዓማዊል መደብ ወህለላን ልቓሕን (መውል) ደቂ ኣንስትዮ ዝኾናሉ መድረኽ ተፈጢሩ ኣሎ። ብመሰረት ሓበሬታ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ትካል፡ ኣብ 2017 ካብ ዝነበሩ ልዕሊ 67 ሽሕ ዓማዊል መውል፡ ኣስታት 36 ሽሕ ወይ ልዕሊ 53 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ እየን ነይረን። እቲ ትካል ኣብቲ ዓመት'ቲ ምስ መሻርኽቱ ኣካላት ኮይኑ ኣብ ዘቀዶ መጽናዕታዊ ዳህሳስ፡ ዓማዊል መውል ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ኣብ ምሕደራ ናይቲ ዝለቀሓኦ ዘዋህለላኦ ገንዘብ ብልጫ ከም ዘለወን ማስከሩ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣስታት 91 ሚእታዊት ካብ'ተን ዓማዊል፡ ልቓሕ ካብቲ ትካል ምስ ወሰዳ ካብ ስብኡተን ይኹን ካብ ናይ ቀረባ መቕርበን ዝወርደን ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ፡ ቀይቂ ይኹን ጉድኣት ከም ዘየለ፡ 71 ሚእታዊት ድማ ልቓሕ ምስ ወሰዳ ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከም ድላየን እናተንቀሳቐሳ ክሰርሓ ምሉእ ናጽነት ከም ዘለወን ኣብቲ መጽናዕቲ ኣረጋጊጹ ነይሩ። እዚ “ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ዝኸተር ዜጋ ኣይክህሉን'ዩ” ዝብል ዕቢ ጭርሖ ተሓንጊጡ ኣብ 1996 ንስራሕ ዝተበገሰ ትካል፡ ክሳብ 2021 ኣብ ዝነበረ ናይ 25 ዓመታት ጉዕዞኡ ጥራሕ፡ ንኣስታት ሓደ ሚልዮን ዓማዊል ብድምር ክባቢ 3.4 ቢልዮን ናቕፋ ከለቅሕ ክኢሉ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብዚ ዝተጠቕሰ መጠን ልቓሕ ክሳብ ክንደይ ተረባሒት ኮይነን ክህልዋ ከም ዝኽእላ ንምግማቱ ከጸግም ዝኽእል ኣይኮነን።

ከም ዝፍለጥ፡ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ናብ ምዕባለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተኮሩ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ነይሮም እዮም። ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ



ብቑጠባ ዝሕይላሉን ካብ ጽግዕተኛነት ይኹን ተጸባይነት ዝናገፋሉን ዕድላት ዘርሕዉ ፕሮጀክትታት፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ክስላሰሉጸኒሖም እዮም። እዞም ፕሮጀክትታት እዚኦቶም፡ ሎሚ ኣብ'ዘን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ፈጢሮሞዎ ዘለዉ ናይ መትብርን ኣተሓሳስባን ለውጢ ብቐሊል ዝጥመት ከም ዘይኮነ ብሩህ እዩ። ዋላ እታ ዝኣሰት እትበሃል ናይ ኣድማን ጃርባን ፕሮጀክት እንተ ወሰድና፡ ኣብ ህይወት ናይ'ተን ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኤርትራ ማይን ዕንጸይትን ብዙሕ ክገርታ ብዙሕ ዝሃልካን ዝደኸሞን ዝነበራ ሰኣናት ደቂ ኣንስትዮ ፈጢራቶ ዘላ ለውጢ ኣቃለልካ ዝርአ ኣይኮነን።

ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ናይ ስልጠናን ንዋትን ደገፍ ብምሃብ ጥራይ ኣይተሓጸረትን ንስራሕ ዘየናስ፡ ብጉጅለታት ንዝተወደባ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ንኣስ ፈናንሲያዊ ልቓሕ ብምሃብ፡ ኣብ ከደማሉ ዝኽእላ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስራሕ ተዋፊረን ርእሰን ዝኽእላሉ ዕድላት ክፈጥር ጸኒሑን ኣሎን። ብሶሊ ከኣ፡ ቀደሚ ሎሚ ደፊረንኦ ዘይፈልጣ ዓውድታት ስራሕ ደፊረን ክኣትዋኦን ህይወተን ክመርሓሉን ጀሚረን ኣለዋ። ንኣብነት፡ ቀደሚ ሎሚ ኣብ ማእለማ ዝዋፈራ ብዙሓት ኣለዋ ደቂ ኣንስትዮ ነይረን ክበሃል ኣይከኣልን። ሎሚ ግን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ማእለማ ተማሂረን ብዝረኸብኦ ናይ ልቓሕ ዕድላት ተሓጊዘን ኣብ ናይ ባዕለን ማእለማ ይሰርሓ ኣለዋ። ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፡ መፍረ ንህቢ፡ ማሰኖኣዊ ሕርሻ፡ ወዘተ. እውን ከምኡ። በዚ ከኣ ስድራ ምልእቲ ተጠርጊፋ ክትሰርሕን ደረጃ መነባብሮኣ ክተመሓይሽን ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ኣብ'ዘን ንዝመናት ዝኣክል ግዳይ ኣድልዎን ጭቆናን ኮይነን ዝጸንሓ ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምዚ ዝበለ ለውጢ ካብ ምርኣይ ዝዓቢ ጸጋ ድማ ክህሉ ዝኽእል ኣይኮነን።

## ንደቂ ኣንስትዮ ናብ ቁጠባዊ መሳልል ምድያብ

ሓደ ካብ ቀንዲ መለክዒታት ስልጡን ሕብረተሰብ፡ ምዕሩይነት ዕድላትን መሰላትን እዩ። ምዕሩይ ዕድላት ይኹን መሰላት ከረጋግጽ ዘይከኣለ ሕብረተሰብ ወይ ሃገር፡ ቅልጡፍ፡ ፍትሓውን ዘላቕን ምዕባለ ከረጋግጽ ተኽእሎ ከም ዘይብሉ፡ ኣብ ብዙሕ ኩርናዓት ናይ'ዛ ዓለም ብጉብሪ ዝተራእየን ገና ዝርአ ዘሎን ሓቂ እዩ። ኣብ ሕቶ ምዕርዩት ወይ ማዕርነት ከኣ፡ እቲ ብቐዳምነት ዝስርዕ ጉዳይ ናይ'ተን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ሕቶ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን እንተላይ ሕቶ ሰብኣዊ መሰል'ዩ ኮይኑ ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ሕቶ ምዕባለን ስልጣነን ኮይኑ ይርከብ።


ሓቂ'ዩ፡ ሳላ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዘየዳኣ መሪር ቃልስን ዝኸፈላኦ መስዋእትን፡ ሕብረተሰብና ኣብ ልዕሊአን ዝነበሮ ዝንቡዕ ኣመለኻኽታ ብመሰረቱ ተቐይሩ እዩ። እዚ ከኣ ዘኾርዕ ዓወት እዩ። እንተ ኾነ እዚ ዓወት'ዚ መመሊሱ ክኾላዕን ሓደ ካብ ቀንዲ መርኣያታት ሃገራዊ ክብርና ክኸውንን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርትን ስራሕን ሱታፌኣን ዝያዳ ከዕቢያ ከም ዘለወን ዘየማትእ ሓቂ እዩ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር - ኣብ ከተማታት ይኹን ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፍልጠትን ሞያን ሰኒቐን ኣብ ኩሎም ዓውድታት ስራሕ ሱታፌኣን ብምልኣት ብምርግጋጽ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ኣብ ዝመዓራረያሉ ደረጃ ክበጽሓ እንተ ደኣ ኮይነን፡ ሕጂ'ውን እቲ ካብአን ይኹን ካብ ህዝብን መንግስትን ዝድለ ጻዕሪ ዝያዳ ክሕይል ከም ዘለዎ ለበዋ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ንዝኸፈላኦ ሪዚን ዋጋ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብኣወራሩኡ ድማ ብዘይ ምሉእ ሱታፌኣን ዝረጋገጽ ሃገራዊ ህንጸት ይኹን ምዕባለ ክህሉ ከም ዘይክእል ብምግንዛቡ ኑቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሳታፍነት ንኽሀልዋወን ማሕለኻ ኮይኑ ዝነበረ ዘይምዕሩይነት ንምፍታሕ፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተሩ ንጹራት ሸቶታት ሓንጺጹ ተጨባጥቲ ስጉምትታት ክወስድ ጸኒሑ'ዩ። ሳላ'ዚ ድማ ሎሚ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኩሉ'ቲ ዝግብኦን መሰላት ብምጭባጥ፡ ኣብ ምርግጋጽ ማዕርነት ድሙቓት ዓወታት እናተጎናጸፋ ነዊሕ መንገዲ ተጓዒዘን ኣለዋ። ትምህርትን ሞያን ብምዕጣቕ ኣብቲ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝአ ዝመስል ዝነበረ ዘይድፈር ሞያታት ወይ ዓውድታት ስራሕ ከይተረፈ እናተዋፈራ፡ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ብኣድማዕነት የበርክታ ኣለዋ። ብኡ መጠን ድማ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ደረጃአን ክብ እናበለ ይመጽእ ኣሎ።

ከም ዝፍለጥ፡ ከም ህዝቢን ሃገርን ራእይና፡ ኩሎም ዜጋታት ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበራዊ ፍትሒ ብማዕረ ዝሰርሑሉ፡ ዝረብሑላን ዝዕበዩላን ሃገር ምፍጣር እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን፡ እታ ብሰንኪ ጾታኣ ንነዊሕ ዘመናት ዝተበደለት፡ ካብ ኩሉ'ቲ ዝግብኣ ዕድላትን መሰላትን ዝተኸልከለት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ክትሰርሕን ክትረብሕን እንኮላ ዝያዳ ትርጉምን ዕጋበትን ኣለዎ። ሎሚ ሓፈርቲ ኣብ ሰማያት ኩበርራ፡ ጀላቡ እናመርሓ ማያዊ ግዝኣት ሃገረን ክሕልዋ፡ ክሳብ 5ይ ደረጃ መምርሒ ፍቓድ መኪና ብምሓዝ ዓበይቲ ኣውቶቡሳት መራሒን ህዝቢ ከመላልሳ፡ ከበድቲ ማሽነሪታትን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይንን መሪሐን ናብ ሃገራዊ ልምዓት ከወፍራ፡ ኣብ ህንጻዊ ስርሓት ተዋፊረን ከቕይሳ፡ ከሰድቓን ማዩቴላ ከንጽፋን፡ ካብ ጭንፋርን ዛጠን ክሳብ ትራክተር ሒዘን ኣብ ምፍራይ ዘራእቲ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ክዐጥቃ፡ ልቓሕ ወሲደን ኣብ ምርባሕ ደርሁ፡ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ኣደ ጥበባዊ ስርሓትን ንኣስ ንግዳዊ ትካላትን ክዋፈራ፡ ካብ ሰርቲፊኬት ክሳብ ናይ ዶክትረይት መዓርግ ሒዘን ኣብ ክሊኒካት፡ ኮማውን መወከሲ ሆስፒታላት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኮሌጃት፡ ማእከላት ምርምር፡ ሃገራውያን ኩባንያታት ህንጻን ካልኦትን ብዝተፈላለየ ሞያ ንህዝበን ከገልግላ፡ ኣብ መንበር ምምሕዳር ዓዲን ከባቢን ንኣስ ዞባ፡ ዞባን ሚኒስትሪን ኮፍ ኢለን ሓደራ ህዝበንን ሃገረንን ክፍጽማ፡ ካብ ኮማዊ ኣብያተ ፍርዲ ክሳብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ተዘርጊሐን ንህዝበን ብዘይ ተጉላባት ኣገልግሎት ፍትሒ ክህባን ካልእ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ከወፍያን ካብ ምርኣይ ዝዓበ ጸጋ እንታይ ኣሎ?



ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝበሃል፡ ንጓል ኣንስተይቲ ብቑጠባ ከም እትሕይል ምግባር ማለት፡ ንቑጠባዊ መነባብሮ ስድራቤት ምምሕያሽ ወይ ካብ ዓንኬል ድኽነት ምውጻእ ማለት እዩ። ስድራቤት ብቑጠባ እንተ ደኣ ሓዩላ ከኣ፡ ሃገር ኣብ ጉደና ቁጠባዊ ብልጽግና ትምርሽ ኣላ ማለት'ዩ። ስለዚ፡ እዛ ብክቡር ዋጋ ማስዋእቲ ህያው ዝኾነት ኤርትራ ሃገርና፡ ኣብቲ ኩላትና እንምነዮን እንብህገን ናይ ምዕባለ ኣርከብን ክትበጽሕ እንተ ደኣ ኮይና፡ ልዕሊ ኩሉ ሱታፌ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስራሕ ክሕይል፡ ብቐንዱ ድማ ቁጠባዊ ኣቶተን ዝድንፍዓሉን ማሕበረ ቁጠባዊ መነባብሮኣን ብቐጻሊ እናተመሓየሸ ዝመጽኣሉን ምቹእ ኩነታት ናይ ምርግጋጽ ጻዕርታት ዝያዳ ክሕይል ከም ዘለዎ ምግንዛብ የድሊ።




# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሚልክያስ ኣብ ራብዓይ መድረኽ ዙር ኢራን ካልኣይ ኣትዩ

ዳዊት የማነ ብጫ ማልያ ተመንጢሉ




ራብዓይ መድረኽ ዙር ኢራን (ኣዘርባጃን) መጠናዊ ዓቐብኑ ኣብ ዘለዎ፡ ካብ ከተማ ታብሪዝ ናብ ሳረይን 195.6 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈነ ርሕቀት፡ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ምስ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኤይድ ዝወዳደር ሚልክያስ ማእከለ ካልኣይ ተርታ ሒዙ ብምእታው፡ ጸዕዳ ማልያ ትሕቲ ዕድመ ዓቲበዎ ኣሎ። ወዲ ጋንታኡ ዩኤል ሃብትኣብ ድማ ራብዓይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ዛዚሙ።

ኣብዚ ውድድር ዝዓወተ ኢራናዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኢራን ሰዒድ ሳፋርዛደ፡ ትሽዓተ ደረጃታት ብምሕኳር፡ ብጫ ማልያ ካብ ዳዊት የማነ ተቐቢልዋ ኣሎ። ብደረጃ ክለብ ድማ ባይክ ኤይድ ቀዳመይቲ ኮይና ትመርሕ ኣላ።

እዚ 2.1 ናይ ዩሲኣይ ደረጃ ዝዕቀኑ ዓመታዊ ሓሙሽተ መድረኻት ዘጠቓልል ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ሓምሻይን መዛዘምን መድረኹ፡ ክልተ ተረርቲ ዓቐብኑ ዘለዎ፡ ካብ ከተማ ሳብረይን ናብ ታብሪዝ 198.4 ኪሎሜተር ዝሸፍን ውድድር ክካየድ እዩ።

## ኣርኖልድ ካብ ሊቨርፑል ናብ ማድሪድ ግዒዙ



እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ምስታ ጋንታ ዘለዎ ውዕል ኣብ 30 ሰነ ቅድሚ ምዝዛሙ፡ ብ10 ሚልዮን ዩሮ ናብ ርያል ማድሪድ ተጸንቢሩ።

በዚ መሰረት፡ እዚ ወዲ 26 ዓመት ተኸላኻላይ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብ ዝካየድ ዋንጫ ዓለም ክለባት ኣብ ጎድኒ ማድሪድ ተሰሊፉ ክጻወት እዩ።

ካብ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ኣትሒዙ ምስ ሊቨርፑል ምጽንሑ ዝፍለጥ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ኣብ ፈለማ ወርሒ ግንቦት ካብታ ዘዕበየቶ ክለቡ ናብዚ ብጥሪ ኣሎንሶ እትእለ ዘላ ማድሪድ፡ ብሓደ ሚልዮን ዩሮ ውዕል ከም ዝግዕዝ ሓቢሩ ምንባሩ ይንገር።

ብመሰረት ፊፋ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኩለን ክለባት፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ 14 ሰነ ዝፍለም ግጥም ዋንጫ ዓለም ክለባት፡ ኣቐዲመን ማሰርሒ ምስዖጊጋር ተጻወትቲ ካብ 1 ክሳብ 10 ሰነ ክጽፍፋ ዕድል ተዋሂቡወን ኣሎ። በዚ ድማ ኣርኖልድ ብቐልጡፍ ናብ ሳንትያጎ በርናቡ ይግዕዝ ምህላዉ ይፍለጥ።

ኣርኖልድ ናብ ዓባይ ክለብ ሊቨርፑል ኣብ 2016 ድሕሪ ምስጋሩ፡ 23 ሽቶታት ብምምዝጋቡ፡ ጸዋእ ቻምፕዮንስ ሊግ፡ ዋንጫ ዓለም ክለባት፡ ዩኤፍኤ ሱፐር ካፕ፡ ኤፍኤ ካፕን ሊግ ካፕን ከምኡ'ውን ክልተ ዋናጩ ፕሪመር ሊግ ንኽትዕወት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ እዩ።

## ሃገራዊ ውድድር ኣትለቲክስ ይካየድ ኣሎ

ሃገራዊ ውድድር ትራክን ፊልድን ናይ 10 ኪ.ሜ. ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ካብ 29 ግንቦት - 01 ሰነ ዝቕጽል ውድድር ሰሪሑ የካይድ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ውድድር ብመሰረት ዓመታዊ ካላንደር ይካየድ ከምዘሎን ዕላማኡ ድማ ህሉው ደረጃ ብቕዓትኣትለትታት ንምፍታሽ እዩ። እዚ ውድድርዚ ኣብ ክሊ ዕድመ ትሕቲ 18 ዓመትን ትሕቲ 20 ዓመትን ተኸፋፊሉ'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ናይ 10 ኪሎ ሜተር ናጻ ዕድመ ድማ ዘጠቓልል እዩ።

ርሕቀት ዝወዳደሩሉ ብኽልቲኡ ጾታ፡ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ናይ 100 ሜትሮ፡ 200 ሜትሮ፡ 400 ሜትሮ፡ 800 ሜትሮ፡ 1500 ሜትሮ፡ 3000 ሜትሮ፡ ኣርባዕተ ግዜ ናይ 1000 ሜትሮ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ድማ ናይ 100 ሜትሮ፡ 200 ሜትሮ፡ 400 ሜትሮ፡ 800 ሜትሮ፡ 1500 ሜትሮ፡ 3000 ሜትሮ፡ 5000 ሜትሮ እዩ። ናይ ሜዳ ተግባራት (መሬት ዝላ፡ ልዕለት ዝላ፡ ዳርባ ዓረር፡ ዳርባ ዲስኩስ፡ ዳርባ ጭማራ) ዘጠቓልል እዩ።



ኣብ ስታፌ ዞባታት ብዘምልከት፡ ብዚይካ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኩለን ዞባታት ማለት ዞባ ማእከል፡ ዞባ ደቡብ፡ ዞባ ዓንሰባ፡ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ተሳቲፍተን እየን።



ኣብዚ ውድድር ብዘሎ ተሳትፎ፡ ትሕቲ 18 ዓመት፡ 85 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 208 ተሳተፍቲ ክኾኑ ከለዉ፡ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ድማ፡ 110 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 270 ኣትሌታት እዮም።

## ከረን - ሊግ ዓንሰባ ይቕጽል

ዝሓለፈ ሰሙን ዝፈለመ ካልኣይ ዙርያ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ሊግ ዓንሰባ፡ ብረቡዕ 28 ግንቦት ብኽልተ ግጥማት ቀጺሉ።

ኣልሂላልን ደንደንን ኣቐዲመን ዝተራኸባ ጋንታታት ኮይነን፡ ጸወታ ብዑብልናት ደንደን ፈሊሙ። ተጻወትቲ ደንደን ዘቐየዱዎ ብሉጽ ፈተነታት፡ ንተጻወትቲ ኣልሂላል ኣብ ሰክፍታ ዝሸምም'ዩ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ዝተመዝገበ ብዘይ ምንኩ ንዕረፍቲ 0ብ0 ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣልሂላል ብመጠኑ ተመሓይሻ ብምእታዋ፡ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ካብ ሮቤል ገብረትንሳኤ ሽቶ ረኺባ ንጸወታ ክትቅልሶ ጀመረት። ድሕሪ 13 ደቓይቕ ድማ፡ ካብ ሚሮን ገብረመስቀል ካልኣይቲ ሽቶ ወሲኻ 2ብ0 መሪሓ። ደንደን ድማ፡ ኣብ ተወሳኺ ሰለስተ ደቓይቕ ካብ ሳልሕ ያሲን ሽቶ ኣቕጺራ። ካብ ሰዕረት ግና ክትናገፍ ኣይከኣለትን፡ ኣልሂላል 2ብ1 ተዓዊታ። ኣብዚ ጸወታ ዝበለጸ ተጻዋታይ፡ ናይ ኣልሂላል ሮቤል ገብረትንሳኤ ተሸይሙ።

ድሕሪ ጋንታ ላሳለ ምስዩም ብሉጽ ቀመና ዘለዎም ንኣሽቱ ተጻወትቲ ኣልጋሽ ግጥም ኣካየደት። ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ ተጻወትቲ ኣልጋሽ ንተጻወትቲ ላሳለ ትንፋስ ዝኸልእ ፈተነታት ኣካየዱሉም። ዕረፍቲ ክወጽኡ ውሑድ ደቓይቕ ምስ ተረፈም ድማ ላሳለ ብመንገዲ ኣሕመድ ሮሞዳን ሽቶ ኣቕጺራ 1ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ሓላዊ ልዳት ላሳለ ልዳቱ ገዲፉ ብምውጽኡ፡ ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተባሂሉ ዝተሸለመ ተጻዋታይ ኣልጋሽ - ናትናኤል ፍጹም - ዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሙ ሽቶ ብምቑጻር፡ ጋንታኡ 1ብ1 ክትፈላለየ ሓጊዙዋ።

ሓሙስ 29 ግንቦት፡ ዓንሰባን ጉዛ ጥኑዳን እየን ቀዲመን ተጋጢመን። ዓንሰባ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ቢንያም የናስ ክልተ ሽቶ ኣመዝጊባ መሪሓ ወጺኣ። ጉዛጥኑዳ ኣብ ናይ ካልኣይ እብረ፡ ሽቶ ንምርካብ እኳ እንተሰርሐት፡ ክሰልጦም ኣይከኣለን። ብመጀመሩ ዓንሰባ ኣብ መበል 85ን 90ን ደቓይቕ ብመገዲ ፍትሒ ሓሰበላ ሽቶታት ወሲኻ ብጠቕላላ 4ብ0 ተዓዊታ። ቢንያም የናስ ድማ ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተባሂሉ።



ቢንያም የናስ

ኣብ መወዳእታ፡ ግጥም ናይተን ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ብሃንቀውታ ዝጽበዮ፡ ኣብዚ እዋን መተሓላለኽቲ ኮይነን ዘለዋ ኣልሳሕልን ኣልነስርን እዩ ተኻዪዱ። እቲ መሳጢ ምንቅስቓስ ዝተራእየ ጸወታ፡ ዝኾነ ወጽኢት ከይተመዝገቦ እዩ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣኺሉ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ደቒቕ፡ ኣልነስር ብመገዲ ዓውድ ዳውድ ሽቶ ኣቕጺሩት። ድሕሪ'ዚ ጸወታ መልክዑ ተቐያየረ። ኣልሳሕል ማሰመር መጥቃዕትም ኣሐይሎም ክጻወቱ ተራእዩ። ሓደገኛ ፈተነታት እውን ኣካየዱ። ብዘተፈጸመ ጌጋ፡ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ዝረኸቡ ኣልሳሕል፡ ንፍታሉም ወልደማርያም ኣብ ሰከይት ጸምበረ። ጸወታ ብሓያል ረሻ ቀጸለ። ኣብ መበል 82 ደቓይቕ፡ ጸኒሑ'ውን ድሕሪ ኣርባዕተ ደቒቕ ሮቤል በርሀ፡ ዓውድ ዳውድን ካብ ኣልነስር ኣከታቲሎም ሽቶ ኣመዝገቡ። ኣልሳሕል ኣብዚ ግጥም ሰዕረት ተሰኪማ ካብ ሜዳ ተፋነወት። ብዓወት ኣልነስር ድማ 3ብ1 ተዛዚሙ። ንጋንታኡ ክልተ ሽቶ ዘመዝገቦ ዓውድ ዳውድ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።



ሮቤል ገብረትንሳኤ

ካልኣይ ዙር ሊግ ዓንሰባ ሰንበት ብዝካየዱ ግጥማት ክቕጽል'ዩ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ሻምፕዮን ዞባ ማእከል**

ጎዳይፍ - ኢንሹራንስ 2:00 ድ.ቀ.

ኩባንያ ሰገን - ኩባንያ ሰንበል 4:00 ድ.ቀ.

**መዛዘሚ ሻምፕዮንስ ሊግ**

ፒኤስጂ - ኢንተር ሚላን 10:00 ድ.ቀ.

## ዜና ብሓጺሩ



- ኣሰልጣኒ ፖርቱጋላዊት ክለብ ፈነርባቸ ሆዜ ሞሪኖ፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ንዝተዓወተለን ሰለስተ ዓበይቲ ኤውሮፓውያን ውድድራት (ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኤውሮፓ ሊግ፡ ኮንፈረንስ ሊግ) ከም መዘከርታ ኣብ ምናቱ ስእሊ ናይ ኣፍሲ ወከፍ ጸዋእ ተወቂጡ። እዚ ወዲ 62 ዓመት ኣሰልጣኒ ብፒንጢ ባህሩ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ድሕሪ ዝበን ዓወታት ምርካቡ፡ "ትምክሕተኛ ኣይትበሉኒ ድኣምበር፡ ኣነ ሻምፕዮን ኤውሮፓውያን'የ፡ ስለዚ ኣነ ፍሉይ ሰብ'የ።" ብምባል ኣብ 2004 ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኣብ ዝበረሉ እዋን ዚ መግለጺ ምዃኑ "ፍሉይ ሰብ" ዝብል ሳጓ ጠቢቕዎ።
- ኣሰልጣኒ ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ንናፖሊ ቻምፕዮን ሰሪኣ ክትከውን ድሕሪ ምግባሩ ምስ ወናኒኣ ኣውረልዮን ዲላውረንትስ ክሰማማዕ ብዘይ'ምኽኣሉ ስርሑ ክለቕቕ ውዱእ ተወሲዱ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዝተኻየደ ስምምዕ ኣብ ስርሑ ክቕጽል ምውሳኑ ተረጋጊጹ።
- ኣል ሂላል ንሰለስተ ዓመት 200 ሚልዮን ፓውንድ ንብሩኖ ፈርናንደዝ እና ከፊሉት ከተግዕዞ መደብ ገይራ ኣላ። ወኪል ፈርናንደዝ ናብ ርያድ ብምኻድ ምስ ፕረሲደንት ክለብ ኣልሂላል ዘርርብ የካይድ ከምዘሎ ተሓቢሩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ካብዚ ዝቐየድ ማሰራሕ ምስዖጊጋር ካብ 100 ክሳብ 110 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ ክትገብር ትጽቢ ይግበር።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## እስራኤል፡ ናብ ምዕራባዊ ገማግም ተስፋሕፍሕ



እስራኤል፡ ኣብ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም መሬት ፍልስጤም፡ 22 ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ከም እትምስርት፡ ሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ካትዝን ሚኒስተር ፋይናንስ በዛለል ስሞትሪችን ትማሊ ሓሙስ ኣፍሊጦም። ብቐዳማይ ሚኒስተር ቤንያሚን ኔታንያሁ ዝምራሕ ሰልፊ ሊኩድ ኣብ ዘውጽኦ ወግዓዊ መግለጺ፡ እቲ ምስፍሕፋሕ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት፡ ነቲ ምስ ዮርዳኖስ ዘዋሰነ ምብራቓዊ ክፋል ንምሓዝ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

እስራኤል፡ ኣብቲ ዝተጐበጠ ምዕራባዊ ገማግም ድሮ ካብ ንኣሽቱ ደፋዓት ክሳብ ዘመናዊ ትሕተ ቅርጺ ዘለዎ - መንበሪ ኣስታት 500 ሽሕ ሰባት ዝኾኑ ልዕሊ 100 ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ሃኒጻ ትርከብ።

ኣብ ምዕራባዊ ገማግም፡ ልዕሊ ሰለስተ ሚልዮን ፍልስጤማውያን ነበርቲ ይርከቡ።

ሰበ ስልጣንን ፍልስጤም፡ ነቲ ብመንግስቲ እስራኤል ዝተወስደ ስጉምቲ ብምንቃፍ፡ እቲ ምስፍሕፋሕ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት፡ ኣብ መጻኢ ፍልስጤም እትበሃል ሃገር ክትምስረት ዝኽእል ተኽእሎ ከም ዘጥፍእ ኣጠንቂቖም።

ሶሚ ኣቡ ዙህሪ ዝተባህለ ሓደ ብዓል ስልጣን ሓማስ፡ ምእዋጅ ምህናጽ ሓደስቲ ሰፈራታት፡ ኣካል ናይቲ ብኔታንያሁ ዝምራሕ ኣንጻር ህዝቢ ፍልስጤም ዝቕጽል ዘሎ ኲናት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን መልሲ ግብሪ ክህቡ ጸዊዑ።

ወከል ቴለቪዥን ኣልጀዚራ ኒዳ ኢብራሂም ብወገኑ፡ እስራኤል ንኢድህሮ ዓለም ናብ ወሽመጥ ቓዛ ብምቕናዩ፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ጎብጣ ተሓይል ከም ዘላ ገሊጹ።

## ጀርመን፡ ንዩክሬን ልዕሊ 5 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ትህብ



ጀርመን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣቐዲማ ንዩክሬን ዝሃበቶ 31 ቢልዮን ዶላር፡ ሕጂ'ውን ተወሳኺ 5.6 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትህብ ምዃና፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀርመን ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቲ ጀርመን እትህቦ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ዩክሬን ኣብ ምፍራይ ብዙሓ ዘለዎም ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ካልእ ኣጽዋራትን ክተውዕሎ ምዃና ገሊጹ።

ፈደረሽን ሩስያ ግን፡ ምዕራባውያን ሃገራት ንዩክሬን ዝሁብኦ ዘለዋ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ፡ ነቲ ኣብ መንጎኦን ዩክሬንን ዝቕጽል ዘሎ ኲናት ከናውሖ ከም ዘኽእል'ውን ኣብ መንጎኦን ኔቶን ዝኸሎ ምትፍናን ክጋድዶ እንተ ዘይክኢሉ፡ ወተሃደራዊ ዕላማኣ ካብ ምውቃዕ ፍጹም ዘየግታ ከም ዘይኮነ እያ ብተደጋጋሚ ተጠንቂቓ ዘላ።

ሞስኮ፡ ተኹታኺ ተግባራት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ ብመንጎኝነት ኣመሪካ ክበጽሕ ዝጽዓረሉ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ሩስያን ዩክሬንን ንድሕሪት ዝጉትት ምዃኑ'ውን ኣተሓሳሲባ ኣላ።

## ትራምፕ ዘተኣታተዎ ቀረጽ ክቕጽል ተወሲኑ



ፈደራላዊ ቤት ፍርዲ ኣመሪካ፡ ነቲ ቤት ፍርዲ ኣህጉራዊ ንግዲ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ደረት ስልጣኑ ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ፍርያት መሻርኽቲ ንግዲ ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ዝሰልዖ ቀረጽ ኣብ ግብሪ ንክይውዕል ዘመሓለለፎ ውሳነ ንግዚኡ ደው ከም ዘበሎ ሓቢሩ።


እቲ ፈደራዊ ቤት ፍርዲ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ካብቲ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ካልኦት ሃገራት ክእክቦ ዝጸንሐ ግብሪ ንግዚኡ ክቕጽሎ ምዃኑ ኣፈሊጡ ኣሎ።

ምምሕዳር ትራምፕ ነቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘቕረቦ ይግባይ፡ እቲ ኣቐዲሙ ብቤት ፍርዲ ንግዲ ኣብ ልዕሊ ውሳኔታቱ ዝተወስደ ስጉምቲ ነቲ ምምሕዳሩ ንኣዋርሕ ዝጸዓረሉ ንግዳዊ ዝርርብ ዘዕንቅፍ ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ብታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተዋህበ ውሳኔ፡ ትራምፕ ነቲ ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ኩለን ሃገራት ወሲንዎ ዘሎ ናይ 10% ቀረጽ ውዱቕ ዝገብር እዩ ነይሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ካልኦት ሃገራት ሰሊዕዎ ዘሎ ቀረጽ፡ ክሳብ ምስቲ ቤት ፍርዲ ኣልዒልዎ ዘሎ ክርክር ኣብ ሓደ መዕለቢ ዝበጽሕ ተግባራዊ ኮይኑ ክቕጽል ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ቤት ፍርዲ ኣህጉራዊ ንግዲ ኣንጻር ውሳኔታት ፕረዚደንት ትራምፕ ደው ምባሉ፡ ኣብ መጻኢ ቀረጽ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ትራምፕ ኮይኑ ከገልግል ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ምዃኑ፡ ተንተንቲ ይእምቱ።



## ሓማስ፡ ብኣመሪካ ዝቐረበ ሓድሽ እማመ ምቑራጽ ተኹሲ ነጺጉ



ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሓማስ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ሓድሽ እማመ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዘይቕበሎ ሓቢሩ።

ቤት መንግስቲ ኣመሪካ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እስራኤል ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ እማመ ከም እተሰማምዓትሉን ካብ ሓማስ ከኣ ወግዓዊ መልሲ ይጸበ ከም ዘሎን ኣፍሊጡ ነይሩ።

ማዕከናት ዜና እስራኤል ንሓደ ሰበ ስልጣን እስራኤል ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሓኦ ሓበሬታ፡ እቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ እማመ፡ ሓማስ ኣብ ክልተ እብረ ኑቶም ጅህ ሒዙዎም ዘሎ ብህይወት ዘለዉ 20 ሰባትን 38 ሬሳታትን ክረክብ፡ እስራኤል ከኣ ነቲ እተካይዶ ዘላ ደማዊ ኲናት ን60 መዓልታት ደው ከተብሎን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንዝርከቡ ፍልስጤማውያን እሱራት ከኣ ክትፈትሖን ዝብሉ ነጥብታት ዘጠቓለለ ምዃኑ ሓቢረን።

ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሓማስ ግን፡ እቲ እማመ፡ እስራኤል ብድሕሪ ኣመሪካ ኮይና ዘዋልውዮን ንድሌት ፍልስጤማውያን ኣብ ግምት ዘየእተወን ምዃኑ ገሊጹ።

ጉጅለ ሓማስ፡ እቲ ዝቐረበ እማመ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ወከልቱን ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ስቲቨ ዊትኮፍን ዝተኻየደ ዘተ ዝጻረር ምዃኑ'ውን ጠቒሱ።

ቀዳማይ ምኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ኔታንያሁ፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝካየዶ ዘሎ ኲናት ከብቅዕ እንተ ኾይኑ፡ ብሓማስ ተታሒዞም ዘለዉ ኩሎም ጅሆታት ክልቀቑ ከምኡ'ውን እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዕጥቁ ከውርድ ከም ዘለዎ ሓቢሩ ነይሩ።

ሓማስ ብወገኑ፡ ኑቶም ዝተረፉ ጅሆታት ክለቖም ድሉው እኳ እንተ ኾነ፡ እስራኤል ግን ኣምሒያኡ ሰራዊታ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ምሉእ ብምሉእ ክትስሕብ ከም ዘለዋ እዩ ዝጠልብ።

## ስዊዘርላንድ - ሓንቲ ቁሸት ብከውሒ በረድ ተደብያ

ኣብ ስዊዘርላንድ እትርከብ ብላተን ዝተባህለት ቁሸት፡ ቡቲ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝርከብ እምባ ኣልፕስ ዝወረደ ዓብይ ግምዕ በረድ ብኸፊል ከም ዝዓነወት ተሓቢሩ።

ኣቐዲሙ ብዝተዋህበ መጠንቀቕታ ተመራሚርቲ ስነ ምድሪ፡ ነበርቲ ናይ'ታ ቁሸት ቅድሚ ሓደት መዓልታት ካብ ቤቶም ክግዕዙ'ኳ እንተ ኸኣሉ፡ ሓደ ሰብ ግን ደሃዩ ጠፊኡ ከም ዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብይቲ እታ 300 ነበርቲ ዝቕመጡዋ ቁሸት፡ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝዓነወ ድማ፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም ኣለው።

ኣሃዱ ረድኤት ሓደጋ ስዊዘርላንድ ናብታ ዝዓነወት ቁሸት ብምኻድ፡ ኑቶም ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ዘለዉ ነበርቲ ሓገዝት የበርክተ ከም ዘለዉ፡ እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም ኣዘኻኺሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጥቓ እታ ቁሸት ዝርከብ ካልኦት ዓድታት'ውን ተመሳሳሊ ሓደጋ ከይወርደን፡ ነበርተን ናብ ካልእ ከባቢታት ክግዕዙ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ክኢላታት ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት እታ ሃገር ኣጠንቂቖም።

ኣብ ትሕቲ እምባታት ኣልፕስ ዝርከባ ቁሸታት ስዊዘርላንድ ካብ እምባ ብዝፈረሰ በረድ ክደብያ እዚ ናይ መጀመርያ ከም ዘይኮነ ዝሓለፉ ጸብጻባት፡ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ባህርያዊ ሓደጋ ምውሳኽ መጠን ዓለምዊ ዋዒ ምዃኑ የረድኦ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቪያጂዳ | 31/05/2025 | ጎደና ሲጋሌት ቀጣን | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565